# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 33 ዓመት ቁ.11 | ረቡዕ 13 መስከረም 2023 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
‘ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ’ ርክቡ ምስ ኤርትራ የሐይል



ገጽ 3
ጸብጻብ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’ - ኬንያ



ገጽ 4
“ሰብ ብያታ እኽሊ ብገበታ!”



ገጽ 5
ሓጕስን ሕጕሳትን



ገጽ 7
ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ቀጺሉ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ ናብ ኣቦ-መንበር ፕረዚደንታዊ ባይቶ ሊብያ ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዱ



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ኣቦመንበር ፕረዚደንታዊ ባይቶ ሊብያ መሓመድ ኣልመንፊ፡ ናይ ሓዘን መልእኽቲ ሰዲዶም።

ትማሊ ኣብ ዝሰደዶ መልእኽቲ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ቡቲ ኣብ ሰፊሕ ከበብታት ሊብያ ዘተኸስተን ህይወት ልዕሊ 2 ሽሕ ሰባት ዝቐዝፈን ኣሽሓት ዝዘለየን ማዕበላዊ ህቡባትን ወሕጅን - ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን ብምግላጽ፡ ኣብዚ ከቢድ እዋን፡ መንግስቲ ኤርትራ ምስ መንግስቲ ሊብያን ሓው ህዝባን ደው ከምዝብል ኣረጋጊጹ።

ኣብ መወዳእታ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንስድራ መዋቲ ጽንዓት፣ ንዝሰኣያት ቅልጡፍ ሕውየትን ምሉእ ጥዕናን፣ ከምኡ’ውን ንሊብያን ሓው ህዝባን ሰላምን ድሕነትን ተመንዩ።

# ዓሊ-ግድር - ብሓደጋ መኪና 8 ሰባት ሞይቶም

ብ8 መስከረም ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ - ምምሕዳር ከባቢ ዓሊ-ግድር ብዘጋጠመ ሓደጋ መኪና፡ 8 ሰባት ሞይቶም።

እቲ ኣብ ከባቢ ሰዓት 9:30 ቅድሚ-ቀትሪ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ ምስ መራሕኣ 8 ሰባት ኣሳፊራ ካብ ተሰነይ ናብ ዓድ-ኪራይ ትጓዓዝ ዝነበረት ሰሌዳ ER-1-B-8621 ዝሰቐለት ቶዮታ ሃይሉክስ፡ ኣብ ዓድ ሰምብራ ምስ በጽሐት - ሰሌዳ ER-3-A-5204 ምስ ዝሰቐለት ሎሪ ብምጋጨዋ ከምዝተፈጠረ፡ ሓላፊ መርመራ ሓደጋ ትራፊክ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኢብራሂም ሳልሕ ሓቢሩ።

ቡቲ ሓደጋ፡ ኣብታ ቶዮታ ተሰፊሮም ዝነበሩ - መራሕ መኪና ዘርከቦም 7 ሰባት ሽዑ ንሽዑ ሂወቶም ክሓልፍ እንከሎ፡ እቲ ሻምናይ ሆስፒታል ተሰነይ’ኳ እንተበጽሐ - ብዘበጽሖ ከቢድ ማህረምቲ ክሰርር ከምዝኸኣለ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

መራሒ ናይ’ታ ሎሪ እውን ብከቢድ ስለዝተሃስየ፡ ካብ ሆስፒታል ተሰነይ ንዝለዓለ ሕክምና ከምዝተላእከ፡ ወኪል ኣሪና ገሊጹ።

ኣብ ልዕሊ ክልቲኦን መካይን ከቢድ ንዋታዊ ዕንወት ወሪዱ ከምዘሎ ዝገለጸ መርማሪ ሓደጋ ትራፊክ ኢብራሂም ሳልሕ፡ ጠንቂ’ቲ ሓደጋ መስመርካ ሓዚካ ዘይምጓዓዝ፡ ናህሪን ልዕሊ ግቡእ ጾዕነትን ከምዝኾነ ኣሰሪ ሩ።

ምስ ምምሕዳር ከባቢ ዓሊ ግድር እትመሓደር ዓድ ሰምብራ፡ ካብ ተሰነይ ንሸነኽ ሰሜናዊ ምዕራብ - ኣስታት 15 ኪሎሜተር ርሒቓ ትርከብ።




# ብምኽንያት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ቻይናን ኤርትራን ምርኢት ኦፔራ ቀሪቡ

ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 30 ዓመት ምምስራት ዲፕሎማስያዊ ዝምድና ኤርትራን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን፡ ብቐደሚ ትማሊ 11 መስከረም ምሸት ኣብ ሲነማ ሮማ ምርኢት ‘ኦፔራ’ ቀሪቡ።

ኣብዚ ብምትሕብባር ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤምባሲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ዝቐረበ ብኤራቲቪ ብቐጥታ ዝተፈነወን ምርኢት፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ሰቡመዚ ኤምባሲ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበርም ዲፕሎማሲኛታት፣ ከምኡ’ውን ዕድመ ዝተገበረሎም ካልኦት ተረኺቦም ነይሮም።

እቲ ልዕሊ 500 ዓመታት ዕድመ ብዘለዎ ቻይናዊት ጉጅለ ኦፔራ ‘ዉ’ ዝቐረበ ምርኢት፡ ብምንቅስቓስ ኣካላት፡ ያታዊ መዚቃዊ ህርመትን ግጥሚታትን ዝተሰነየ እዩ።

ፈጻሚ ጉዳያት ኤምባሲ ቻይና ኣብ ኤርትራ ሚስተር ዳይ ዲግዉ፡ ኤርትራን ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይናን ናይ ነዊሕ ዓመታት ስልጣኔ ዘለወን መሓዙት ሃገራት ምዃነን ጠቒሱ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ናብ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና ዝገበሮ ምብጻሕን ምስ ፕረዚደንት ሺ ጂንፒንግ ዝኸተምዎ ስምምዕ፡ ንዝጸንሐ ዝምድና ሓድሽ ምዕራፍ ከምዝኸፈተ፡ እቲ ናይ ኦፔራ ምርኢት ንዕብራቕ ናቱ ከምዝኸውን ሓቢሩ።

ኣወሃሃዲ ናይ’ቲ መደብ ኣቶ ሞሃድ ሱሌማን እውን፡ ምርኢት ጉጅለ ኦፔራ ‘ዉ’፡ መቐጸልታ ናይ’ቲ ኣብ ባህላዊ መዳይ ዝምዕብል ዘሎ ምሕዝነት ክልቲኣን ሃገራት ምዃኑ ገሊጹ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ፡ ንጉጅለ ኦፔራ ‘ዉ’ ህያብ ኣበርኪቶሙ።






# ኣባላት ዝተፈላለያ ትካላት ልዕሊ 200 ከረጺት ደም ለጊሶም

ኣባላት ዝተፈላለያ ትካላት ካብ 5 ክሳብ 8 መስከረም ብዘወሰድዎ ወለንታዊ ተበግሶ፡ ትሕዝቶ ሃገራዊ ባንክ ደም ንምስሳን 205 ከረጺት ደም ለጊሶም።

ኣብ’ቲ ዝተጠቕሰ ዕለታት፡ ኣባላት ኣገልግሎት ማእሰርትን ተሃድሶን 51 ከረጺት፣ ኣባላት ወኪል ሃገራዊ ድሕነት 65 ከረጺት፣ ኣባላት ኩባንያ ህንጻ ባድመ 63 ከረጺት፣ ኣባላት ሃግመተኤ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ-ኣስመራ ድማ 26 ከረጺት ደም ከም ዝለገሱ፡ ካብ ሃገራዊ ባንክ ደም ዝተረኸበ ሓበሬታ ኣረዲኡ።

ኣባላት ሃግመተኤ ንኡስ ዞባ ኣርባዕተ-ኣስመራ፡ ብ8 መስከረም - ብምኽንያት ዓለማዊ መዓልቲ መንእሰያት ዘቀየድዎ መደብ ልገሲ ደም፡ ብደረጃ ንኡስ ዞባ ንሳልሳይ ግዜ ዝተኻየደ ምዃኑ ክፍለጥ ተኻኢሉ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ደም ክልግሱ ዘይክኣሉ ኣባላት፡ ኣብ ቀጽሪ ሃገራዊ ባንክ ደም ናይ ጽሬት ንጥፈታት ከምዘካየዱ፡ ወኪል ኣሪና ሓቢሩ።

ኣብ ሃገራዊ ባንክ ደም ሓላፊ ኣገልግሎት ልገሲ ደም ነርስ መሓሪ ኣብርሃም፡ ኣብ ኤርትራ ልገሲ ደም ከም ባህሊ እናሰረጸ ምምጽኡ ዘሕጉስ ምዃኑ ብምሕባር፡ ካልኦት ትካላት እውን ተመሳሳሊ ተበግሶታት ክወስዳ ተላብዩ።



# ‘ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ’ ርክቡ ምስ ኤርትራ የሐይል

ዝሓለፈ ቅንያት፡ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ - ኣብ'ቲ ኤርትራ እተካይዶ ንመጻኢ ኣባሪ ኩይኑ ዝቕጽል ናይ ልምዓት ጉዳና፡ ሓገዝቱ ንምብርኻት ምስ'ታ ሃገር ምሕዝዙት ዘይልደለሉ ግዜ እዩ ነይሩ።

ባንክ እወታዊ ወጽኢት ዘርኣየ ጽምዶ ከም እተኻየደን ንብሕጂ እውን ብዝያዳ ቀጻሊ ሽርክነታት ኤርትራ ምስ'ቲ ባንክ ክትዓዪ ከም እትደሊን እውን ኣገንዚቡ።



ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ፡ መንግስቲ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ምምሕያሽ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ንዘንብሮ ዘሎ ስትራተጂያዊ ምትሕግጋዝ ኣብ ዝሓደሉ ኣጋጣሚ፡ ‘ቅልጡፍ ማሕበረ-ቁጠባዊ ልምዓት ንምትብባዕ ቁጠባ ብምሕያል ካብ ፅንጋሎ ናብ ኢንዱስትርያውነት ንምስግጋርን - ኤርትራ ኣብ እትገብሮ ጻዕርታት፡ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ተመራጺ መሻርኽቲ ምዃኑ ተገንዚባ ኣላ” ኢሉ ነይሩ።

ኑቲ ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኤርትራ ዑደት ዝፈጸመ - ዋና ኣካያዲ ናይ'ቲ ባንክ ኣኪንዉሚ ኣደሲና ኣብ ኣስመራ ተቐቢሉ ኣብ ዘዛራረብሉ እዋን፡ ፕረዚደንት ኢሳያስ፡ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ኣብ እተካይዶ ናይ ልምዓት መደባት ኣገዳሲ መሻርኽቲ ምዃኑ ኤርትራ ርድኢት ከም ዘለዋ ኣዘኻኺሮም። ምስ'ቲ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ልምዓታዊ መደባት ኣፍሪቃ ዘቕርቦ ሓገዛት ዝያዳ ምእንቲ ክድንፍዕ ድማ፡ ተወሳኺ ደገፋት ከም ዘድልዩ ተላቢዩ።

ርእሱምርካሳ ንምብርታዕ፡ ዓቕሚ ሰብኣዊ ሓይሊ ብምሕራስን ምግፋፍ ዓቕን ዝናበሩ ማሕበረሰባት ኣብ ምምዕባልን ሞያዊ ስልጠናታት ኣብ ምሃብን ብትኹረት ክሰርሕ ዝጸወዐ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኤርትራ ዘለዋ ሃብታም ዕቑር ማዕድን ፖታሽ ብዝበለጸ ክትጥቀመሉ ዘኽእላ - ወሀድ ትሕተ-ቅርጺ ከም ዘድልያ እውን ኣዘኻኺሮም።

ቦርድ ኣካየድቲ ሰራሕ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ሚያዝያ ኑቲ ኣብ ደቀምሓረ ዝህነጽ ዘሎ 30 ሜጋ-ዋት ሓይሊ ዘለዎ ጸሓያዊ ጸዓት፡ ናይ 42.92 ሚልዮን ዶላር ፋይናንሳዊ ሓገዝ ክቐርበሉ ደገፉ ምዃኑ ይዝከር።

ክሳዕ ሕጂ እቲ ባንክ ዘበርከቶ ዝዓበየ ሓገዝ እዚ ክኸውን እንከሎ፡ ኤርትራ ክሳዕ 2030 ኣስታት 360 ሜጋ-ዋት ሓይሊ ኤሌክትሪክ ኣብ ምቕራብ ዝለዋ መደባት ሓጊዚ ክኸውን እዩ። ኤርትራ ኣብ 2018 ምስ ጎረቤታ ኢትዮጵያ ናይ ሰላምን ምትሕግጋዝን ስምምዕ ምስ ተፈራረመት፡ እቲ ንቁጠባዊ ኩስኳስ ን20 ዓመታት ዓጽዩ ዝጸንሐ ዕንቅፋት ተኣልዩ። ብውድብ ሕቡራት ሃገራትን ብሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ተጻዒኑ ዝጸንሐ እገዳታት ምስ ተላዕለ ድማ፡ ንሓያሎ ዓመታት ኤርትራ ኣጋጢምዋ ዝነበረ ተጻእሎታት ኣብቂዑ። ጉጅለ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ድማ፡ ኤርትራ ኣብ ዘለዋ ናይ ልምዓት መደባትን ሸተኑዩታት ርእሱምርኮሳን ክሕግዙ ኣብ ጎድና ቁይሙ ኣሎ።

ኣብዚ እዋን እዚ ድማ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ፡ ብመዳያት ጸዓት፡ ምሕደራ ማይ፡ ጥዕና፡ ሕርሻ፡ ሞያዊ ስልጠናታትን ኣብ ፋይናንሳውን ቁጠባውን ምሕደራታትን ኣገዳሲ መሻርኽቲ ኩይኑ ኣሎ።

ኣካያዲ ናይ'ቲ ባንክ ኣደሲና ብወገኑ፡ ኣብ ሓላፍነት ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ክሱብ ዘሎ - ኤርትራ ቁጠባኣ ከተማዕብል እቲ ባንክ ኩሉ ዝከኣሎ ከም ዝገብር ኣረጋጊጹ። “ብሓባር እንተደኣ ሰሪሕና፡ ኤርትራ ካብ ዘላቶ ንላዕሊ ዝተመሓየሸት ሃገር ከም እትኸውን እኣምን እየ” ክብል ገሊጹ ኣሎ።

ኣደሲና ወሲኹ፡ ኤርትራ ንኣስታት 30 ዓመታት ኣብል እቲ ባንክ ካብ ዝኸሉትሉ ግዜ ኣትሒዙ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብቐጻሊ ከየባዘኸ ምስ'ቲ ባንክ ርክብ ከም ዝነበሮ ኣረዲኡ። ኢንዱስትርያዊ ሕርሻ ናይ ምምዕባል መደባት ቀዳምነት እናሃቡ ሕርሻዊ ጽላት ብምምዕባል ናይ መግቢ ውሕስነት ክረጋገጽ ከጽዕር ምጃንሑ እውን ገሊጹ።

ኣደሲና ቀጺሉ፡ ኑቲ ብባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ዝበጋገስ ዘሎ “ፍሉይ ናይ ኣግሮ ኢንዱስትሪ መመስርሒ ዞባ” ደገፍ ብምሃብ፡ ንጉዳዊ ሕርሻን ፍርያት መግብን ንገጠራዊ ማሕበረሰብ ኤርትራ ናብ ሃብታም ቁጠባዊ ዞባ ዝቕይር ኣብነት ክኸውን ከም ዝኽእል ይገልጽ።

ብሰንኪ እቲ ኣብ ምብራቕ ኤውሮጳ ዝተወልዐ ኩናትን ኣብ ዓለም ዝጋዝዱ ዘለዉ ምንዋጻትን፡ ኣፍሪቃ - ብእትውንኖ ባህርያዊ ሃብቲ፡ ልሙዕ መሬትን ጸጋታት ማይን፡ ህዝቢ ዓለም ዝምገበላ መሶብ ክትኮውን ከም ዝግበኣ ኣዘኻኺሩ።

ኣደሲና ወሲኹ ኣድላይነት ምምዕባል ሞያዊ ብቕዓትን ምስግጋር ቴክኖሎጅን ዝተሓወሰ መደባት ልምዓት፡ ቀጻልነቱ ኣተኣማማኒ ክገብሮ ከም ዝኽእል ይገልጽ። ዝለዓለ ናይ ልምዓት ለውጢ ምእንቲ ክበጽሕ ድማ፡ መንግስቲ ኤርትራን ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃን ኣብዚ ኣገዳሲ ጉዳይ እዚ ተጻሚዶም ክዮጹ ከም ዝዋበኡ የገንዘቡ።

እቲ ባንክ፡ ሞያዊ ብቕዓት ዘማዕብሉ ስልጠናታት ዝህበሉ መደባት ኣለዎ። እዚም መደባት እዚኦም ኣብ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ኣብ መንእሰያት፡ ብሉጽ ቴክኒካዊ ሞያታትን ትምህርታዊ ስልጠናታትን ኣብ ምዝርጋሕ፡ ቀሊል ዘይበሃል ግደ ኣበርኪቶም እዮም። ኣደሲና ቀጺሉ፡ ናይ ልቓሕ መደባትን ኣፍልጦ ኣለቃሕቲ ፋይናንሳዊ ምንጭታትን ኣብ ምርግጋእ ንኣሰ ስርዓተ-ቁጠባ ኣገደስቲ ምዃኖም ገሊጹ።

ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ብዘለዎ ጨናፍር፡ ፋይናንሳዊ ምሕደራ ኣብ ዝምልከት መደባት ምዕባለ ብቕዓት፡ ኣብ ምሕደራ ልቓሕን ፋይናንሳዊ ጉዳያትን ንኣባላት ሚኒስትሪ ፋይናንስ ኣገዳሲ ስልጠና ሂቡ እዩ። እቲ ባንክ ተወሳኺ ስልጠናታት ክህብ እውን ድልዊ ምዃኑ ገሊጹ ኣሎ። ሃገር ዘይትግምደሉ ምዕሩይ ኣገባብ ልቓሕ ኣብ ምትእትታው እውን ከም ዝሕግዝ ኣረዲኡ።

ኣደሲና ብዘወሳኸ፡ ኑቲ ኣብ ኤርትራ ክተኣታቶ ተዓልዩ ዘሎ ዲጂታላዊ ትውገት/ኣከፋፍላ M-Nakfa ብምንኣድ፡ ከምዚ ዓይነት ብሞባይል ዝፍጸም ሰራሕ ኣብ ኬንያ ዘርኣዮ እወታዊ ፋይናንሳዊ ኣገልግሎት ኣረዲኡ። ኬንያ M-Pesa ዝበሃል ብሞባይል ቴሌፎን ዝፍጸም ኣገባብ ትውገት ኣለዋ።

ቅልጡፍ ዲጂታላዊ ኣገባብ ኣከፋፍላ ኣብ ምዕባለ ፋይናንሳዊ ጽላታት ኣገዳሲ ከም ምዃኑ፡ ብቑዕ ፋይናንሳዊ ጽላት ንዘቤታዊ ጸጋታት ጠርኒፉ ስርዓት ብምትሓዝ፡ ቁጠባዊ ልምዓት ከቀላጥፍ ከም ዝኽእል ሓቢሩ።

ኣቐድም ኣብሉ ምስ ሚኒስተር ፋይናንስን ሃገራዊ ልምዓትን ዶ/ር ገርግስ ተኽለሚካኤል ኣብ ዝተገበረ ርክቡ፡ ኣብ መንጎ እቲ ባንክን ሃገረ ኤርትራን ዘሎ ምሕዝዙት እናበርተዐ ይኸይድ ምህላዉ ኣደሂሳ ኣረዲኡ። ክሳዕ 4 ነሓሰ 2023፡ እቲ ባንኪ ኣብ ዘካይዶም ዘሎ 14 ፕሮጀክትታት ንመካየዲ ዝተኣከበ 126.1 ዶላር ከምዘሎ እውን ኣረዲኡ።

ኤርትራ ኣብ እተካይዶ ከቡብያዊ ክንክን ደገፍ ዝሀብ - ቡቲ ባንክ ዝድገፉ ኣካል ከም ዘሎ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ጽላታት ዕደና ዝግበር ጻንዕ ክትትል ጽሬት ኣከባቢ፡ ብቕዓት ኣብ ምምዕባል ከም ዝሕግዝ ኣገንዚቡ።

ንፕረዚደንት ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ኣሰኒዮም ኣብ ኤርትራ ዝተረኽቡ - ምክትል ፕረዚደንት ንጉዳያት ጸዓት፡ ክሊማን ሓምላይ ልምዓትን ዶክተር ከቨን ካርዩኪ፡ ፍሉይ ኣማኻሪ ጉዳያት ሞዳቦ ቱረን በዓል-መዚ ገጠራዊ መደባት ከኔት ኦንያንጎን ካልኦት ክኢላታትን ነይሮም።

Media Contact: Emeka Anuforo, Communication and External Relations Department.




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኸለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቍ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ

ቍ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጸ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም
ቅሳነት ተወልደ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322

ምልክታ
ቍስ 125013 - ቍ:ሳጸ. 1284


# ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ኣብ ጉዕዞ 60 ዓመት

‘ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ’ ንቁጠባዊ ልምዓትን ማሕበራዊ ኩስኳስ ኣፍሪቃውያን ኣባል ሃገራትን ንምትብባዕ፡ ኣብ ነሓሰ 1963 ኣብ ካርቱም ኣብ ዝተቓነየ ዋዕላ ክምስረት ኣብ ስምምዕ ተበጺሑ። ድሕሪ ዓመት ድማ፡ እቲ ብኣባል ሃገራት ዝተፈረመ ንድፊ ጸዲቑ እቲ ባንክ ስርሑ ጀሚሩ።

ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ንመጀመርታ ግዜ ዝተመስረተ ፋይናንሳዊ ትካል ልምዓት ከም ምዃኑ፡ ድኽነት ኣብ ምንካይን ጸጋታት ኣብ ግቡእ መዓላ ብምውዓድ - ናይ ኣፍሪቃውያን መነባብሮን ቁጠባውን ማሕበራውን ምዕባለታትን የተባብዕ።

ቤት-ጽሕፈቱ ኣብ ኮትዲቭዋር ከተማ ኣቢጃን ዝኾነ እዚ ባንክ ልምዓት እዚ፡ ወሽጣውን ግዳማውን ጸጋታት ብምጥቃም ወፍርታት የተባብዕ፡ ቴክኒካውን ተግባራዊ ስልጠናታትን ይህብ። ምስ ከም ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ባንክ ዓለምን ኣህጉራዊ ማዕከን ገንዘብን ሽርክነት ብምዝርጋሕ፡ ናይ ሚልኒየም ሸቶ ልምዓት ንምብጻሕ ኣብ ዝጽዕራ ሃገራት ሓገዙ የበርክት።

ብዘይካ እተን 54 ኣባል ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ምስተን ካልኦት ናይ ግዳም መሻርኽቲ ብሓፈሻ - 81 ሃገራት ብኣባልነት ይሓቍፍ። ብዘይካ እተን ኣፍሪቃውያን ሃገራት፡ ካብ ኤውሮጳ ኤስያን ኣመሪካን ዝኾና ኣባል ሃገራት እውን ኣለዋኦ።



ዘይኣፍሪቃውያን ሃገራት ከም ኣባልነት ካብ ዝሓቍፍ ካብ 1982 ንደሓር ኮይኑ ኣብ ምልማዕ ንዘርከበ ሃገራት ብትሓት ወለድ ልቓሕ ናይ ምሃብ ዓቕሚ ረኺቡ።

ዘይተባውያን መሻርኽቲ ይዓድም ደኣ'ምበር ባንኪ ልምዓት ኣፍሪቃ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ጥራይ እዩ ዝዓዪ፣ መደበሩ ኣብ ኣፍሪቃ እዩ፡ ፕረዚደንቱ ኸኣ ኣፍሪቃዊ እዩ።

ኩለን ኣባል ሃገራት ኣብ'ቲ ዝለዓለ ወሳኒ ኣካል ቦርድ ኣመሓደርቲ ወኪልና ይረኽባ፡ ቦርድ ኣመሓደርቲ ኸኣ ንሓሙሽተ ዓመት ዘገልግል ፕረዚደንት ይመርጽ።

እቲ ፕረዚደንት፡ ብሓሙሽተ ምክትል ፕረዚደንትታት ይሕገዝ፡ ንሱ'ውን፡ 57 ክፍልታት ዝሓቑፉ 30 ጨናፍር የማሓድሩ። ኩሉ ንጥፈታት ናይ'ቲ ባንክ ናጻ ብዘኾነ ኣሃዱ ኦዲት ይፍተሽ፡ ወሽጣዊ መጋበኢያ ኸኣ ኣለዎ። ናይ ድርብ ሃገራት ወኪልና ዘለዎም - ኣብ 25 ሃገራት ኣብያተ-ጽሕፈት እውን ኣቑሙ ኣሎ።

# ጸብጻብ ‘ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ’ - ከንያ

ተዓገስ ፍረዝጊ
መሓመድ ማሕሙድ ሙሳ

ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ፡ ፕረዚደንት ረፓብሊክ ኬንያ ዊልያም ሩቶ ብዘቕረቡሉ ዕድመ፡ ካብ 4-6



መስከረም ኣብ ዝተቓንዐ ቀዳማይ ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ ንምስታፍ፡ ብሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኤርትራ ኣቶ ዑስማን ሳልሕ ተሰንዮ - ሰኑይ 4 መስከረም ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ናይሮቢ - ኬንያ ኣትዩ። ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣብ ማዕርፎ ነፈርቲ ጆሞ ኬንያታ ኣብ ዝኣተወሉ፡ ሚኒስተር ጉዳያ ወጻኢ ኬንያ ኣልፍረድ ሙትዋ፡ ሚኒስተር መሬት ዞካርያ ንጀሩ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶም ከምኡ'ውን ማሕበረሰብ ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ከንያ ኣቀባብላ ገይሮምሉ።

ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ፡ ብምትሕብባር ሕብረት ኣፍሪቃን መንግስቲ ኬንያን ዝተወደበ ብዓይነቱ ፍሉይን ናይ መጀመርያን ኮይኑ፡ ብ4 መስከረም ኣብ ‘ኬንያታ ኮንቨንሽን ሰንተር - ናይሮቢ’ ብኣኼባ ሚኒስተራት እዩ ጀሚሩ። ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ኣፍሪቃ ገጢምዋ ዘሎ ክሊማዊ ለውጥን ጸልዋታቱ ኣብ ተፈጥሮን ወዲ-ሰብን፡ መፍትሒኡ፡ ኣብ ዓለም ምስ ዘሎ መሻርኽቲ ብኸመይ ከም እትብደሆ ብፍላይ ኣብ ምግታእ ትፉእ ካርቦን፡ ምትካእ ተሃዳሲ ጸዓት ኣብ ዝብሉ ዛዕባታት ዘተኮረ ነይሩ።

እዚ ቀዳማይ ዋዕላ ልዕሊ 20 መራሕቲ ሃገራትን መንግስታትን ኣፍሪቃ፡ ልኡኻት ውድብ ሓድነት ኣፍሪቃ፡ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኤውሮጳዊ ሕብረት፡ ኣህጉራውያንን ዞባውያንን ውድባትን ውልቀ-ሰባትን - ልዕሊ 20 ሽሕ ተጋባእቲ ኣብ ዝተረኽቡሉ ብ5 መስከረም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ እዩ ብወግዒ ተጀሚሩ። ፕረዚደንት ኬንያ ዊልያም ሩቶ ኣብ መኽፈቲ ስነ-ስርዓት ኣብ ዘስምዖ መደረ፡ “ኩልኹም ኣብዚ ኣድራሽ ዘለኹም ተጋባእቲ፡ እንቋዕ ናብ ካልኣይቲ ሃገርኩም ብሰላም መጻእኩም! ዕድመና ተቐቢልኩም ኣብ'ዚ ዋዕላ ዝሃብኩምዎ ኣወንታዊ መልሲ ብልቢ ኣመስግን!” ኢሉ።

ቀጺሉ ፕረሲደንት ሩቶ፡ ኣብዚ ዝሰዓበ ሓደት መዓልታት ብዙሓ ዝወጠንን ኣብ ባይታ ዝትግበርን መደባት ብኽፉት ልቢ፡ ብጋህድን ቅንዕናን ከምዝዘራረቡ እምነቱ ድሕሪ ምግላጹ፡ ኣብ ቀዳምነታት ኣፍሪቃ ዘተኮረ ሓባራዊ ጻዕሪ ክካየድ ጸዊዑ። ኩሎም ብሓባርን ብትብዓትን ኣብ ምንጥጣፍ ወሳኒ ክሊማዊ ተበግሶ ናይ'ዚ ወለዶ ኣበርክቶ ክገብሩ ድማ ተላቢዩ። ኣብ ተሃዳሲ ጸዓት ቀጠልያ ኢንዱስትሪ ተጸዋርነት ክሊማዊ ለውጢ ዘለዎ ሕርሻዊ ንጥፈትን ባህርያዊ ዕቃበን ዘሎ ብደሆታት - ፍታሕ ዘምጽእ ወፍርታት ክካየድ ድሕሪ ምትሕስሳብ ከኣ፡ “ብዙሓ መጻኢት ኣፍሪቃ፡ ተባዕን ዝትግበርን ሓሳባት ከመንጩ - እዚ ዋዕላ እዚ ቦታኡ እዩ” ክብል ኣሰሚሩ።

ኣብ መደምደምታ መደረኡ “ብዙሓ እንዝምጽ መጻኢና፡ ኢድና ኣጣሚርና ክንትሰፎ ዘይካኣለ - ንግብራውነቱ ክንሰርሕን ክንጽዕርን ይግባእ። ኣፍሪቃ መጽኢኣ ክተውሕስ ዘኽእላ ኩሉ ኣለዋ። ቀዳማይ ጸጋና፡ እቲ እናወሰኸ ዝኸይድ ዘሎ ብዙሒ ምሁር መያዊ ዓቕሚ፡ ንልምዓት ብጉስ ዝኾነ ዓቕሚ መንእሰያትና እዩ። ብዙሕ ዝዓቕሙ ተኸእሎ ተሃዳሲ ጸዓት እውን ኣሎና። ባህርያዊ ጸጋታትና፡ ዕላማና ከረጋግጽ ናብ ግብራዊ ሓይሊ ክንቕይሮ ይግባእ” ክብል ኣገንዚቡ።

ኣብ'ቲ ዋዕላ፡ ኩሎም መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ መድረኻት ኣሰሚሮም እዮም። ፕረዚደንት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ብ5 መስከረም ዘቕረቦ መደረ - ንጠንቂ ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ኣፍሪቃን ሳዕቤናቱን ከምኡ'ውን ንመርገጺን ርእይቶን ኤርትራ ኣብ ምምዃቱ ዘጸር ነይሩ።

ፕረዚደንት ኢሳያስ፡ ጉድኒ ጉድኒ እቲ ዋዕላ መራሕቲ ኣብ ዝተወደበ መደባት ሓባራዊ ዘተ እውን ተሳቲፉ እዩ። ኣብ'ቲ ሓባራዊ ዘተ ካብ ዘስምዖ ቃል ደስዑ፦

=ኣብ'ዚ ዝኾነ ሰብ መጻኢኡ ንስለ ህዝባዊ ርክባት - ብዙሓ ብልጫታቱ ልሙድ መደረ ምቕራብ ትርጉም የብሉን። ኣትኩርና ዝጸር፣ መኣዝንና ኣስተኻኽል፣ ኣነ ብዙሓ ዘመዝገብናዮ ዓወታት ኣብ ትሕተ-ቅርጺ፣ ጸዓት፣ ማይን ካልእን ክዘረብ ኣይደልን - ግዜ ክወስደልና ስለዝኾነ። ገለ ሰባት ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ኣጋጣሚታት ንዝረኸብዎ ዓወታት ከወዓውዑ ምርኣይ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ናይ ህዝባዊ ርክባት ጸወታ እዩ። ካብ ከም'ዚ ዓይነት ሸንኮለል ንውጻእ።

ፊሉማን ቀንዲን ኣብ ጉዳይና ክተኩር እየ ዝደሊ። ህዝቢ ብዙሓ ጸጋታት ናይ'ዚ ኣህጉር እዩ ዝዘረብ ዘሎ። 60 ሚእታዊት ዓቕሚ፣ 20 ሚእታዊት ትሕዝቶ ኣሎና። ስለምንታይ ኢና ኣእዳውና ዘርጊሕና ረድኤት ንጽበ? ስለምንታይ ጸጋታትና ዘይነውፍር? ኣብ'ዚ ኣህጉር ዘሎና ጸጋታት ክንኽትት ኣይንኽእልን ዲና? ካብ ኒጀር ናብ ኤውሮጳ ዝኸዱ ዘለዉ ጸጋታት፡ ባዕልና ኣብ ጥቕሚ ከነውዕሎም ኣይንኽእልን. . .? ዩራኒየምን ካልእ ጸጋታትን ናይ'ዚ ኣህጉር፡ ንልምዓትን ክሊማዊ ለውጢ ንምምሕዳርን ደየም ዝዋፈሩ ዘለዉ!?

ነፍሲ-ወከፍ ሰብ፡ ነዚ ኣህጉርና ዝብድህዎ ዘለዉ ጉዳያት ኣብ ግምት ከየእተወ፡ ብዙሓ ኣብ ውሽጢ ዓዱን ደቡቡን ዝጠበርን ዝሰርሐ ዘሎን ሃገራት እዩ ዝዘረብ፣ ብዙሓ ሓባራዊ ብደሆታትና ንዘረብ፣ መፍትሒታት ከየምጽእ ንፈትን። ኣትኩሮና፡ ዛዕባ ናብ ዘይኮኑ ሃገራት ኣይተላግዮ። ዕዮ ግዝፍ ግበር፣ ሽቶታትካን ዕላማታትካን ብንጹር ኣቕርብ፣ ስትራተጂ ንደፍ፣ ዝርዝራዊ ውጥን ኣውጽእ። ድሕሪኡ፡ መደባትካ ከተተግብር ጸጋታትካ ኣኽትት። ብዙሓ ኣብ ኤርትራ ዝጸመምናዮም ሃገራት ክዘረብ ግዜይን ግዜኹምን ከጥፍእ ኣይደልን።


ኣብ ገለ ኣርእስትታት ናይ'ዚ ዋዕላ



ዝተሳዕሉ ጉዳያት ክዘረብ፦ እዚ ካብ ኤውሮጳ፡ ኣመሪካ ወይ ካብ ካልኦት ናብ'ዚ ኣህጉር ክመጽእ ዝበሃል በልዮናት ገንዘብ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳይካ ንኽትኢታተዉ ምዕዳም ማለት'ዩ። ካብኣቶም ዝመጽእ ሚልዮናት ገንዘብ ተተመጺዩ ናብኦም ከምዝምለስ ክፍለጥ ኣለዎ። ሙብጽዓ በልዮናት ዶላራት ምጽባይ ትርጉም የብሉን።

ካልእ ኣተኩሮ ሂብና ክንዘረበሉ ዘሎና ጉዳይ፡ ብልሽው መንግስቲ ምስ ብሕታዊ ክፋል ብምንጽጻር እዩ። ብሕታዊ ክፋል ክዓቢ ኣለዎ ኢልኩም ብተደጋጋሚ ትዛረቡ ነይርኩም። መጀመርያ፡ ተሓተትቲ ዝኾና፡ ንጸጋታት ሃገር ናብ ልምዓት ናይ ዝበዝሑ ዘውዕላ፡ ብልሽዋት ዘይኮና መንግስታት ክህልዋ ኣለወን። እዚ ምትፍናን ናይ ብሕቲ ክፋልን መንግስታዊ ክፋልን ጉዳይ ኣይኮነን።

ዚ ብሕታውን መንግስታውን ዝበሃል ኣዘራርባ፡ ካብ ክውንነት ዝረሓቐ ልሙድ ኣበሃህላ እዩ - ኣተሓሳስባና ከመዓራሪ። መንግስታት እናንቐፍና፡ ዘይመንግስታውያን ማሕበራት ጉዳያትና ከመሓድራልና ክምጽኣን ኣይንኽእልን። እዚ ኣብ ኣፍሪቃ



ልሙድ እዩ፣ ኣብ ኩሉ ቦታታት ንኸድ - ዘይመንግስታውያን ማሕበራት እየን ንመንግስታት ዘመሓድራ ዘለዋ። እዘን ማሕበራት፡ ንመንግስታት ብምዝላፍን ብምክፋእን ብናይ ብሕቲ ጽላት ዝብልዎ ይትክኣ። እዚ ዘደንጹ እዩ። መደባት ከተትግብር - መጀመርያ ሽቶታትካን ዕላማታትካን ምንጻር እዩ፣ ዝኣቶም ብኸመይ ተተግብሮም ድማ፡ ስትራተጂ ምንዳፍ። ብድሕሪኡ፡ ዝርዝራዊ ናብ ዝኾኑ ጽላታዊ ወይ እንዱስትርያዊ ውጥን ምኻድ።

መንግስታዊ ደዩ ብሕታዊ ናብ ዝብል ዝኣረገ ክትዓት ኣይትውሰዱና። ብልሽዋት መንግስታት፡ ዝኾነ ዓይነት መደብ ከተግብሩ ኣይክእሉን እዮም። ብዙሓ ተሓታትነት ዘለዎም መንግስታት ኢና ንዘረብ ዘሎና።

ካብ 4-6 መስከረም ዝተኻየደ ቀዳማይ ዋዕላ ክሊማ ኣፍሪቃ፡ ውሳኔታትን ለበዋታትን ብምሕላፍ ረቡዕ 6 መከረም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ብወግዒ ተዛዚሙ። ኣብ መዛዘሚ ናይ'ቲ ዋዕላ፡ ፕረዚደንት ሪፓሊክ ኬንያ ዊልያም ሩቶ - ንተሳተፍቲ ድሕሪ ምምስጋኑ ካብ'ዚ ዋዕላ ብዙሕ ጠቓሚ ሓሳባትን እማመታትን ከምእተረኽበ ብምምልካት፡ ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ንምምኻት ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ - ኣፍሪቃ ዝዞዋ ዕድላት ብዝሞገእ ክትጥቀመሉ ኣተሓሳሰበ። ኣብቲ ዋዕላ ንዝተሳተፉ መራሕቲ ሃገራት ኣፍሪቃ ድማ፡ ምስ ካልኦት ተሳተፍቲ ዋዕላ ኣላልዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብ ኬንያ ኣብ ዝጸንሓለን መዓልታት፡ ምስ ዝተፈላለዩ መራሕትን ካልኦት ሰብኡማዚን እውን ክልተኣዊ ርክባት ኣካይዱ እዩ። ብ 7 መስከረም ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ምስ ፕረዚደንት ዊልያም ሩቶ ተራኺቡ ዘተዩ።

ፕረዚደንት ኢሳያስን ፕረዚደንት ሩቶን ኣብ ቤተ-መንግስቲ ኣብ ዝበርዎ -ንልዕሊ ሓደ ሰዓት ኣብ ዝቐጸለ ርክቦም - ኣብ ክልተኣውን ዞባውን ጉዳያት ብሰፊሑ ተመያየጡም።

ብ6 መስከረም ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ ድማ፡ ምስ ኣመሓዳሪ ፕሮግራም ልምዓት ውድብ ሕቡራት ሃገራት - ኣሽም ስታይነር፡ ምስ ፕረዚደንትን ኣቦ መንበር ቦርድ ዳይረክተራትን ‘ኣፍሪ ኤግዚም ባንክ’ ዶክተር ቤኔዲክት ኦኬ፡ ከምኡ'ውን ምስ ኣማኻሪት ድሕነት ጸዓት ፕረዚደንት ከንያ - ሞኒካ ጁማ ተራኺቡ ዘትዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስን ሚስተር ኣሽም ስታይነርን ኣብ ጉዳይ ሰላም ሱዳን እውን ተመያየጡም እዮም። ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ውሑሃ ኣብ ጉዳይ ሰላም ሱዳን ተራኡ ክዓብን ምስ ጉረባብቲ ሃገራት ተላዚቡ ክሰርሕን ኣዘኻኺሩዎ። ኣብ መደባት ልምዓት ኤርትራ ኣመልኪቶም ኣብ ዝገበርዎ ዘተ ድማ፡ ሚስተር ኣሽም - ፕሮግራም ልምዓት ውሑሃ ምስ ባንክ ልምዓት ኣፍሪቃ ብምትሕግጋዝ፡ መደባት ልምዓት ኤርትራ ከምዝድግፍን ኤርትራ ክበጽሕ መደብ ከምዘለዎን ገሊጹ።

ምስ ዶ/ር ቤኔዲክት ኦኬ ኣብ ብዝገበርዎ ርክብ ድማ፡ እቲ ትካል ኣብ መደባት ልምዓት ኤርትራ ብዙሓ ዘበርክቶ መንገዲ ተመያየጡም። ዶ/ር ቤኔዲክት እውን ኤርትራ ክበጽሕ ምኻኑ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ኢሳያስን ሚስ ሞኒካ ጁማን ኣብ ዝገበርዎ ርክብ ከኣ፡ ኣብ ተተካኢ ጸዓት - ማለት ንፋሳዊ፡ጸሓያዊ ሃፋውን ማያውን ካብ ከንያ ተመኩሮ ንምቕሳም ዝዓለመ ዘተ ኣካይዶም።

ኣብ'ቲ ርክባት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣቶ ዑስማን ሳልሕን ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ሪፓብሊክ ኬንያ ኣቶ በየነ ርእሶምን ተረኺቦም ነይሮም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ብ 8 መስከረም ንግሆ ካብ ኬንያ ኣብ ዝተበገሰሉ፡ ሚኒስተር መሬት ከንያ ዞካርያ ኒጀሩ ዝርከቦም ሰበስልጣን ኬንያን፡ ኣምባሳደር በየነ ርእሶምን ኣባላት ኢምባሲ ሃገረ ኤርትራን ኣፋንዮምዎ። ድሕሪ ናይ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን በረራ ከኣ፡ ሰዓት 9:45 ቅድሚ ቀትሪ ኣስመራ ኣትዩ።



# "ሰብ ብያታ እኽሊ ብገበታ!"

ተስፋይ ዕቑባይ

ካልኣይን መወዳእታን ክፋል

**ሱዳበበ በረኸት ኣማረ - መጽሓፍ "ታሪኽ ሰንሰለት ወለዶታት" ንኽትዳሉ እንታይ ዓይነት ኣገባብ ምርምር ኢኻ ተጠቒምካ?**

ከምዚ ዓይነት ምርምር ከተካይድ ከለኻ እቲ እትጥቀመሉ ኣገባብ ምርምር ዓይነታዊ ኣገባብ ክትጥቀም እዩ ዘገድደካ፡፡ ምኽንያቱ እዚ ስራሕ ባዕላዊ ስለዝኾነ፡ እተዳልዎም ሕቶታት ክፉታት ኲይኖም ብውልቅን ብጉጅለን እናገበርካ ዝሕተቱ ሕቶታት ኢኻ ትጥቀም፡፡ እዚ ኸኣ ዝያዳ ንምምልላእ ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ፡፡ ስለዚ፡ እዚ ኣብዚ መጽሓፍ ዘሎ ዝርዝር ሓረግ ወለዶታት በቲ ሓደ ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈላለ ሓደ ህዝቢ ምዃኑ ንምርግጋጽ፡ በቲ ኻልኣይ ከኣ ነቶም "ታሪኽ ሰራሓም" ተባሂሎም ብኣፈ-ታሪኽ ዝነገረሎም ቀዳሞት ጀጋኑና፡ ኣብ ዝርዝር ወለዶታት ህላወኦም ኣረጋጊጽካ ታሪኾም ንምጽሓፍ ዝዓለመ እዩ፡፡

ሓደ ኣፈ- ታሪኽ፡ ታሪኽ ክኸውን እንተ ኾይኑ ብስሩዕ ወይ ብምሕብረሰብ ክድገፍ ስለዘለዎ፡ እቲ ሓረግ ትውልዲ ብዝርዝር ተጻሒፉ ኣሎ፡፡ እቶም ኣብዚ መጽሓፍ ታሪኾም ተጻሒፉ ዘሎ ሰባት ድማ ኩሎም ኣብ ዝርዝር ሓረግ ትውልዲ ተረኺቦም ኣለው፡፡ ብዚይካ ዓዲ-ዓዲ እናኸደኩ ዝኣበሮ ቃለመሕትት ድማ፡ ኣቐዲሞም ዝተጻሕፉ ናይ ታሪኽ መጻሕፍቲ እናተወከስኩ እየ ምርምረይ ኣካይደ፡፡



**ዝተጠቐምካሉ ኣገባብ መጽናዕቲ ከም መርትዖ ክገልግል እኹል ደዩ?**

ከም ህዝቢ ታሪኽና ኣብ ምዝንታውን ምጽሓፍን ዕድለኛታት ኣይኮንናን፡፡ እንታይ ከም ዝኾንና ስኩፋት ኢና፡፡ ታሪኽ ከኣ ተቛጺሉ እምበር ተሰኻኺፉ ክኸውን የብሉን፡፡ በዚ ምኽንያት እቶም ከም መርትዖ ዝተጠቐምኩሎም፡ ነቶም ማእምራን ወለዲ ካብ ወለዶም ዘትረፍዎ ኣፈ- ታሪኽ እናደገሙ ከዘንትውሊዩ ከለው፡ "ብዘይዚ ታሪኽ ኣቐዲሙ እንታይ ተጻሒፉ ነይሩ?" ኢሉ መጽሓፍቲ ይወክሱ፡ እዚ ሓደ ኣገባብ መርትዖ እዩ፡ እቲ ቀንድን ወሳንን ግን እቲ ታሪኽ ሰሪሑ ዝበሃል ሰብ ኣብ ዝርዝር ሓረግ ትውልዱ፡ ሰብ ምዃኑ ከረጋግጽ ኣለዎ፡፡ እዚ እቲ ኣፈ- ታሪኽ ጽውጽዋይ ከም ዘይኮነ ዘረጋግጽ እኹል መርትዖ እዩ፡፡ ብኣፍ ዝተረኽ ከም ምዃኑ ግን ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናተሸርፈን እናጉረፈን ከም ዝዘንቶ ክንርስዕ የብልናን፡፡ ብዘኸኻ ግን እኹል ኣገባብ መርትዖ እዩ በላይ እዩ፡፡

**ዝርጋሐ መጽናዕትካ ብጦታን ግዜን ካበይ ናበይ እዩ?**

እቲ ክሳዕ ሕጂ በጺሐዮ ዘለኹ፡ ደብዳውን ማእከላይን ከበሳታት ዝሸፈነ ኾይኑ፡ ገለ ወሑድ ድማ ንምብራቓዊ ኣጻድፍ ይሓቑፍ እዩ፡፡ ብግዜ እንተ ርእየ እቲ ሱት ትውልዲ መፅቀዲኡ ነዊሕ ዝርዝር ስለ ዘለዎ፡ ካብዚ እዋንዚ እዩ ክብሎ ኣይክእልን፡፡ እቲ ኣፈ-ታሪኽ ግን ካብ 18 ክሳዕ 19 ክፍለ ዘመን ኣብ ዘሎ እዋናት ዘጠቓልል እዩ፡፡ ካብኡ ዝኸይድ ሓጺር ሓጺር ታሪኽ እውን ኣለዎ፡ ግን ሰፊሕ ኣይኮነን፡፡ መወዳእታኡ ዘመናዊ መግዛእቲ ኣብ ኤርትራ ምስ ኣተወ ኣንጻር ዘመናዊ መግዛእቲ ዝተኻየዱ ደግያት ባህታ ሓጎስ ዝሸፈነ እዩ፡፡

እዚ ክብል ከለኹ፡ ንፍሲ-ወከፍ ፍጻመ ዝተርኽ ኣይኮነን፡ ነቶም ዘረጋገጽኩዎም ታሪኽ ጥራይ ዝሓቖፈ እዩ፡፡ እዚ ኸኣ በቲ ንእሱ ዓቕመይ ዘዳለኹዎ ብምዃኑ ክጉድሎ ከም ዝኽእል ርግጽ እዩ፡ ካብ የብልናን ግን ንዳሕረዎት ወለዶ ገለ መወከሲ ዝኾኑና ክነገድፍ ግዴታ ኣለና፡፡ ሓብርና ክንምልኣን ከስፋሕን ድማ ሰናይ ድልየተይ እዩ፡፡

**ብዙሓት ሰባት ኢኻ ኣዘራሪብካ፡ ነዚ መጽሓፍ ከተዳልዎ እንከለኻ ዘጋጠሙኻ ብደሆታት ነይሮምዶ?**

ብደሆ፡ ሓደ ካብ ንደቂ ሰባት ዝተዋህበ ቀመም ህይወት እዩ፡፡ ዘጋጥሙኻ ብደሆታት በዓኻ ክትሰዓሮ ከለኻ ኢኻ ዓወትካ ኣዚኻ ኢኻ ተስተማቕሮ፡፡ ስለዚ ብደሆ ናብ መንገዲ ዓወት ዘምርሕ መርሓ ጉደና እዩ፡፡ ነዚ መጽሓፍ ኩዳሉ ኢለ ካብ ዝበገስ ክሳዕ ዝዛዘም ዋላውን ድሕሪ ምዝዛሙ ብደሆታት ኣየቋረጹን፡፡ ብዝርዝር ምግላጹ ኣገዳሲ ኣይኮነን፡፡ ሓደ-ሓደ ንምጥቃስ ግን፡ እዚ ኹሉ ወፍሪ ተለምካ ገንዘብ ተለቂሕካን ተመርቂሕካን ብእግርን ብመኪናን ተጓዒዝካ ከተኣኻኽቦ ኣቢልካ ዓዲ ምስ በጻሕካ እቶም ክትረኽቦም ዝሓሰብካ ሰባት፡ ገሊኦም ገያሾም ይጸንሑኻ፡ ገሊኦም ሓሚሞም ይጸንሑ፡ ገሊኦም ሞይቶም ይጸንሑ፡ ገለ ኸኣ ፍልጠቶም ቁጉጥሮ ይኸውን፡ ሓደ-ሓደ ግዜ ኸኣ እናዕለልካዮም ኣብ ኢድካ ይዓርፉኻ፡ ዘይሓሰብካዮ ካልእ ብደሆ ትወሰኽ፡፡

ዘመናዊ መሳርሒታት ናይ ምርምር ብዘየገኡ ክትዓጥቕ ኣሎ፡ እዚ ንባዕሉ ብደሆ እዩ፡፡ ቀሪምካ ዘምጻኦኻዮ ሓበሬታ እትዕቅበሉን ናብ ጽሑፍ ከተሰጋግረሉ እትኽእል ቤት-ጽሕፈትን የድልየካ፡ ክርክሪካ ነዚ መጽሓፍ ክሰርሓኸለኹ ኣብ ዝኸእውት መኪና ናይ ደርጊ ኩይኑ ከም መደቀሲየይን ቤት ጽሕፈተይ እናተጠቐምኩ እየ ሰሪሐዮ፡፡ ቊልዑ ምዕባይ ርእሱ ዝኸኣለ ብደሆ እዩ፡፡

ነዚ መጽሓፍ ንኸዳሉ ሓቲሪይ ኣብ ዓዲ ኣቐሚጠየ መጽናዕቲ ዝኣበር ነይሩ፡፡ ድሕሪ ዓሰርተ ሓሙሽተ ዓመት ኢና ብሓደ ክንጥርንፍ ጀሚርና፡፡

በዚ ኣጋጣሚ ንዋልቲ ቤተይን ደቀይን ከመስግኖም እደሊ፡፡ በቲ ኹይኑ በቲ ግን ወለድና ክምስኩ ዝኾኑም ማእምራን እየም፡፡ እንህ ኸኣ ድሕሪዚ ኹሉ ሓርገጸገጽ ንመወከሲ እተኸውን መጽሓፍ ናብ ኣንበብቲ ኣቕሪበ፡፡

**ከምዚ መጽሓፍካ ሓቐፍዎ ዘሎ ትሕዝቶ ዝመሳሰል መጽሓፍቲ ኣቐዲሞም ዝተሓትሙ ኣለውዶ?**

ኣዘዮም ውሑዳት እዮም፡፡ ብፍላይ እቶም ብደቂ ሃገር ዝተጻሕፉ ካብ ክልተ ሰለስተ ዝበዝሑ ኣይኮኑን፡፡ ብወጻእተኛታት ዝተጻሕፉ ግን ብርክት ዝበሉ ኣለው፡፡ ከም ናይ የሃንስ ኪልሞዲን ኮንቲ ሮሲኒ፡ ሬሮ ፕሮ፡ ኢኖ ሊትማን ካልኦትን ኣለው፡፡ እዚኣቶም ግን ምስ ፖለቲካዊ ረብሓታቶም ኣተሓሒዞም ዝጸሓፍዎም ምዃኖም ክንዘንግዖ የብልናን፡፡ ሳላ ዝተጻሕፉ ግዳ መወከሲ ተጠቒምሎም እየ፡፡

**ምስ ተዘርግሐት መኣረምታ ካብ ኣንበብቲ ረኺብካ ዶ?**

ጽቡቕ ሓበሬታታት ረኺበ፡ ከምዚ ዝበልኩኻ ኣብቲ መጽሓፍ እውን ኣስፊረዮ ከም ዘለኹ፡ "ንዝኮደለን ክምላእ ኣለዎ እትብልዎን ብኸፉት ልቢ ሓበሬታኹም ክትህቡኒ እምሕጸን" ዝበል ኣሎ፡፡ ግዱሳት ኣንበብቲ ከኣ ዝተፈላለዩ ሓበሬታት ካብ ምሃብ ዓዲ ኣይወዓሉን ይምጥውልዩ ኣለው፡፡ ንብድሕሪ ሕጂውን እጸበ ኣለኹ፡፡ እዚ መጽሓፍ መወከሲ ክስዕ ዝኸውን ሓብርና ከስፍሖ ናይ ኩልና ሓላፍነት እዩ፡፡

ኣብዚ ክንፈልጦ ዘለና ግን፡ እዚ መጽሓፍ ከም መወከሲ ደኣምበር፡ ከም ቁጸራ ህዝቢ ጉዛ ጉዛ እናኣተኻ ንኹሉ ኣፈ- ታሪኽን ሓረግ ትውልዲ ዝሓፈ ኣይኮነን፡፡ በዚ ማሰረትንኹሉ ሰብ ከተሐጉሶ ዝክኣል ኣይኮነን፡፡ ከምቲ "መንገዲ ዓወት ኣይፈልጦን እየ፡ መንገዲ ውድቀት ግን ንኹሉ ሰብ ከተሓጉስ ምፍታን'ዩ፡" ዝበሎ ኣልበርት ኣንስታይን፡ ንኹሉ ሰብ ከተሐጉስ እንተ ኢኻ ከይሰሪሕካ ሰቅ ምባል ጥራይ እዩ፡ እዚ ኸኣ መንገዲ ውድቀት እዩ፡፡

ኣንበብቲ "ታሪኽ ሰንሰለት ወለዶታት" ኣየናይ ክሊ ዕድመ ዘለዉ እዮም?

መወከሲት መጽሓፍ ክሳዕ ዝኾነት፡ ከንብበ ዝኽእል ሰብ ንኹሉ ተገድሶ እያ፡፡ ኣብዚ እዋንዚ ግን ብዚያዳ ልዕሊ 50 ዓመት ዝበጽሑ ሰባት እዮም ቀንዲ ዓማዊላ፡፡ እቶም ትሕቲ ሓምሳ ዓመት ዘለዉ እውን ወዓሊም ሓፍርም እቲ ዕድመ ክኣትውዎ ስለ ዝኸዱ ኣብ እዋኖም ክጥቀሙላ እዮም፡፡ ናይ ኩልኻት ተማሃሮ ብፍላይ ከኣ ብስሩዕ ይኹን ብምሕብረሰብ ከም'ኡ'ውን ናይ ታሪኽ ተማሃሮን መማህራንን መወከሲ.ቶም ክትክውን ከም እትኽእል ኣይጠራጠርን፡፡

ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ሰባት ብፍሉይ ክግደሰላ ተዓዘበ ኣለኹ፣ ንዓኣቶም ዝምልከት ፍሉይ ነገር ኣለዋ ደዩ?

ካብ ዓደምን ህዝቦምን ርሒቖም ስለዝነበሩ፡ ብዝያዳ ታሪኾም ክፈልጡ ህንጡያት እዮም፡፡ ካልእ ኣብ ዓዲ ጓና ክትነብር ከለኻ ኩሉ ሰብ እዩ ኢዱ ዘወጣውጠልካ፡ ማለተይ ዓቢ ከም ዓቢ ንእሽቶይ ከም



ንእሽቶይ ምክብባር ዘይብሉ ናብራ እዩ፡፡ ገዛዚብ ስለዝሓዙ ለሞት ዝመሳሰሎም ዓያሹ ኣይሰኣኑን እዮም፡፡ ብገዛዚብ እናተታለሉ መንነቶም ዝሸጡ እውን እዋናዊ ክስተት እናኾነ ዝመጽእ ዘሎ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ነዚ ሓቂዚ ስለ እተፈጸረሎም ክግደስላ እዕዘብ እዩ፡፡ እምበር ንዓኦም ተባሂሉ ፍሉይ ነገር ስለዘለዋ ኣይኮነትን፡፡

ብቐንዱ ግን ፍልጠት ክፃጥቁ ስለ ዝደለዩ እዮም ዝግደሰሉ፡፡ ምኽንያቱ፡ እዛ መጽሓፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘይፈላለ ሓደ ህዝቢ ምዃኑ ስለእተጽርር፡ ዝጋጥሞም ጸገማት ከተብራህርሃሎም ዘሎ ተኽእሎ ልዑል እዩ፡፡

**ዓባይ መጽሓፍ እያ - ዕዳጋ ኣይጸለወትን?**

እዚ እዋን እዚ - መጽሓፍ ንኽተሕትም ይኹን ዓዲግካ ከተንበብ ዘተባብዕ ኣይኮነን፡ ዋጋ መሕተሚ ኣዝዩ ክቡር እዩ ዘሎ፡፡ ኣንበብቲ ክዕድግዎ ይኸብሮም እዩ፡፡ ብዘይካዚ መጻሕፍቲ ዝዘርግሓ ትካላት የብልናን፡ ባዕልኻ ደሪስካ ባዕልኻ ኢኻ ናብ ስተኸሪታት ተብጽሓሎም፡፡ ስተኸሪታት ከኣ ገዛዚቦ ክህጥካ ኣብ ክሊል እየን ዘእትዋኻ፡ ኣብ ዞባታት ዘሎ ኣንባቢ መጻሕፍቲ ንኽረኽብ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት እዩ፡፡ ምኽንያቱ ዘበጽሓሉ የብሉን፡፡ በዚ ኢሉ በቲ - እዚ እዋን ኣተባባዒ ኣይኮነን፡፡

መጻሕፍ "ታሪኽ ሰንሰለት ወለዶታት" ከም ዕብዮታን ትሕዝቶኣን ግቡእ ዋጋ ኣየረኸበትን፡፡ ኣብ ውሑዳት ስተኸሪያ ትኸዮጥ ዘላ፡ ኣብ ኣውገት፡ ጋለሪ ኤርትራ ስተኸሪ፡ ሰቲት ስተኸሪ፡ መረብ ስተኸሪ፡ ከም'ኡ ኸኣ ኣብ ኣምባሳደር ስተኸሪ ጥራይ እያ ዘርጊሐያ ዘለኹ፡፡

**መቓጸልታ ኣለዋ ኢልካ ነይርካ፡ ኣበይ በጺሓ?**

እዚ መጽናዕቲ ምስ ሞት እናተቐዳደምካ ዝግበር ምምእራር ወይ ምቕራም እዩ፡፡ እቶም ተቐዲሖም ዘይጸንቀቑ ማእምራን ወለድና ሓደ ድሕሪ ሓደ ይሓልፉ እዮም ዘለው፡፡ ሞት፡ ቊጸራ የብላን፡፡ ብዚያዳ ግን ናብ ዓበይቲ እያ ትቕድደም፡፡ ስለዚ ካብ ዓዲ ናብ ዓዲ እናተጓዓዝካ ዝግበር መጽናዕቲ ኣዝዩ ከቢድ እዩ፡፡ ፈላጥት ንምርካብ እውን ርእሱ ዝኸኣለ ጸገም እዩ፡፡ ስለዚ ነዛ ካልኣይቲ መጽሓፍ ንምድላው ካብ ኩሉ ኣየዕረፍኩን - ግን ምስ ኩሉ ቁሩብ ግዜ ክትወስድ እያ፡፡

"ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ" ትብል መጽሓፍ እውን ኣሕቲምካ ኣለኻ፡ ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ እንታይ ማለት እዩ?

እዛ መጽሓፍ ኣዚያ ኣገዳሲት መጽሓፍ እያ፡፡ ብሓፈሻ ኣብዚ ከበባዊ ክፋል ኤርትራ ዝግበር ንጥፈታት ሐዛያ ተዳልያ፡፡ "ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ" ዝበል ኣርእስቲ ዝሓበኩዋ፡ ናይ ነፍሲ-ወከፍ ወርሒ ንጥፈታት - ማለት ካብ ጥሪ ክሳዕ ታሕሳስ ዝግበር ወግዕታት ብፍላይ ከኣ እቲ ጥበባዊ ትሕዝቶኡ እንታይ ከም ዝመስል ትገልጽ እያ፡፡ ብሓፈሻ ከመይ ገይርካ ጓልኩም ሃብና ከም እትብል፡ ብኸመይ ኣገባብ ዋሕስ ከም እተትከል፡ ኣብ መርዓታት ዝግበር ደርፍታት፡ ዞማን ኣገባብ፡ ምፍናውን ምቕባል መርዓት፡ ሓማወቲ፡ መኣዲ፡ ምልሶት፡ ብዝርዝር እናገለጸት ተዘንቶ፡፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ግዜ ማሕረስ ጻህያይ፡ ዓጺድ፡ መኸዳ እንታይ ከም ዝግበር እናጠቐሰት እቲ ክቡር ያታ ናይ'ዚ ህዝቢ እትገልጽ መጽሓፍ እያ፡፡

**መንእሰያትና፡ ወለዶታትና ክሰዕብዎ መጽሓፍ ምቕራብ ጥራይ እኹል ደዩ?**

እኹል ኣይኮነን፡፡ ኣፋዊ ስነጽሑፍና ካብ መበኣታ ክሳዕ ካልኣይ ደረጃ ኣብ ስርዓተ-ትምህርቲ (ካሪክለም) ኣትዩ ክመሃርዎ ኣለዎም፡፡ መንእሰያት ክብርታቶም፡ ያታታቶምን ታሪኾምን እንተዘይ ፈሊጦም፡ ጽባሕ ዝሀሰ እቲ ድሒሩ ዝፍጠር ሕብረተ-ሰብ እዩ፡፡ ካልእ፡ ትካላት ባህሊ፡ መድረኻት ፈጢረን መንእሰያት ኣብ ምምልማል ክሰርሓ ኣለወን፡፡ ማሕበራት ንባህሊ ዝምልከት ንጥፈታት ክካይዳ ይግባእ፡፡ ወለዲ ኸኣ ኣብ ገዛኦም ብዛዕባ ዝበረ ያታታት ንደቆም ከውግዕዎም ሰናይ ነገር እዩ፡፡ መንእሰያት ብወገኖም ብያታኦም ምዕላልን ምዝንታውን ክሓፍሩ የብሎምን፡፡ መጽሓፍ "ካብ ጥሪ ናብ ጥሪ" ቀንዲ ሕመረታ ነዚ ዝተጠቕሰ ንምንጽብራቕ እዩ፡፡

**እቶም ኣብዚ መጽሓፍ ሰፊሮም ዘለው ያታውያን ደርፍታት፡ እቲ ግጥሚ ጥራይ እምበር ዜማ ኣይተጻሕፈን ወይ ኣይተሰርሐን ንቕጽሊ እንታይ ትሓስብ?**

እዛ መጽሓፍ ክዳልዋ ከለኹ እቲ ያታዊ ዜማ ብኖታ ተጻሒፉ ክዳሎ ዝበልኩ ነይሩ፡፡ ምስ መሳርሕተይ ምስ ተማኸርኩ ግን፡ ካብ ብኖታ ብሙዚቃ ተሰሪሑ ምስታ መጽሓፍ ተሓዊሱ ናብ ህዝቢ ክቐርብ ዝበለ ርእይቶ መጺኡ፡፡ እዚ ሓሳብ ኣዝዩ ጽቡቕ እዩ፡ ግን ብዘይ "ኣእጋር ናበይ ኣሰጋጋር" ኩይኑ፡ ወጻኢታት ክሽፍን ኣይተኻእለን ግዜ ይጸበዩ ኣለኹ፡፡

**ተራ ማዕከናት ዜና ኣብ ምስጥጋር ባህሊ ከመይ ክኸውን ኣለዎ ትብል?**

ማዕከናት ዜና ብቐንዱ ክሰርሓሉ ዘለወን እዩ፡፡ እዛ ዓለም ብቦሃላዊ ወረር ተገቢኣ እናረኣኻ፡ ኢድካ ኣጣሚርካ ምርኣይ ርኡይ ሰንፍና እዩ፡፡ ስለዚ ወግሑጽቡሐ ንክብርታትን ያታን ህዝቢ ኤርትራ ዝገልጽ መደባት ክቐርብ ኣለወን፡፡ ከም'ቲ ዓለም ንዓና ትጸልወና ዘሎ፡ ንሕና ኸኣ ጸልዋና ክንኣፋሕፍሕ ዕዮ ነዛ ነፍሲ-ወከፍና እዩ፡፡

**ኣብ ቀጻሊ እንታይ ክንጽበ ኢና?**

ነታ ካልኣይቲ መጽሓፍ "ታሪኽ ሰንሰለት ወለዶታት" ኣብ ምድላው እየ ዘለኹ፡፡ ከምዚ ዓይነት ስራሕ በይንኻ ስለ ዘይሰራሕ፡ ኩሉ ኣብዚ ዓውዲ ዝግደስ ወለቀ-ሰብ ይኹን ትካላት ሓበሬታ ክሰንዱ እላቦ፡፡ ንምኽሪ ንኣዳለውቲ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ከኣ ኣመስግን፡፡



# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

## ሓጎስን ሕጉሳትን

12 ክፋል

**"ንሃብቲ ከየፍረኻ ኣይትጥቀመሉን ኢኻ፡፡ ንዘፍረኻዮ ሓጎስ ክትጥቀመሉ ኸኣ መሰል የብልካን፡፡" - ጆርጅ በርናርድ ሾው**

**"ሓጎስ ሓጎስ ንምግባር ግዜ ትብትን፡፡" - ኮንፊሽየስ**

ሓደ ሃብታም በዓል ዋኒን ብዙሕ ድንጋጸ ወይ ርህራሀ ፋዕራ ዝበዝል የብሉን፡፡ ይኹን እምበር፡ ሕጉስ ምኳኑ እዩ ዝዛረብ፡፡ ንኻልኦት ሰባት ርህራሀ ዘይብሉ ሰብ፡ ከመይ ኣቢሉ ሕጉስ ምኳኑ ክዛረብ ይኽእል?

ንሱ፡ "ኣነ ብተፈጥሮይ ፈታር ወይ ፈታዊ ሰብ ኣይኮንኩን፡፡ ግዳ ሓቂ ንዓይ ርህራሀ ዝበዝል ስምዒት ኣብ ውሽጠይ የብለይን፡፡ ኩሉ ፈላጥየይ ከም ዝምስክሮ፡ ሊጋስ ከማን ኣይኮንኩን፡፡ ኣነ ርትዓዊ፡ ግብራውን ምህርን ሰብ እየ፡፡ ይኹን እምበር፡ ክሱብ ሕጂ ኣብ ህይወተይ ዕጉብን ሕጉስን እየ፡፡

"ንዓይ ዕወት ዋኒን ኣለኒ፡፡ ሓደት ኣዕሩኽ ኣለዉኒ፡፡ ንሓዳረይ ዝኸውን ኣኽሉ ዝዛረፍ እየ ዘቕርብ፡፡ ከም ወጻኢታቱ በዓልቲ ቤተይን ደቀይን ብኣይ ዕጉባት እዮም፡፡ ንዓይ ዋላ ሓንቲ ዝጐደሎ ኩይት ኣይሰምዓንን እየ፡፡ ምምዕባል ርህራሀ፡ ሓልዮት፡ ልግሲ፡ … ጸቡቕ ክመስል ይኽእል ይኸውን፡፡ ንዓይ እዚኦም ብዙሕ ኣገዳስነት የብሎምን፡፡ …፡፡" በሃሊ እዩ፡፡

ከምዚ ዓይነት ዘረባ ዝምልቑ ሰባት ሓደት ኣይኮኑን፡፡ እዞም ሰባት ብውሽጦም ናይ ብሓቂ ሕጉሳት ምኻኖም ኣጠራጣሪ እዩ፡፡ ብዘይርህራሀ ወይ ብቐጥቐጥ ህይወቱ ዝመርሕ ሰብ፡ ኣሸንኳይዶ ሕጉስ ክኸውን እንታይ ዓይነት ህይወት ከም ዘሕልፍ ዘሎ ንኽትፈልጦ ከማን ኣጸጋሚ እዩ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ብቐጥቐጥ ናይ ብሓቂ ክብሪ ደቂ ሰብ እዩ፡፡ ብዘይርህራሀ ኣብ ህይወትካ ክስዕብ ዝኽእል ሃንፍ፡ ብቐሊሉ ክምላእ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡

እዚ ሃንፍ እዚ ክሱብ ዘይተመልአ እቲ ሰብ ምስ በዓልቲ ቤቱ ኩነ ምስ ካልኦት ሰባት ጸቡቕ ዝምድና ከማዕብል ከም ዝኽብዶ ርዱእ ነገር እዩ፡፡ ሓደ ሰብ ብዙሕ ስቅያትን ስምዒታትን ካልኦት ሰባት ቅጭጭ ዘይብሎ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ሰብ ዋላ ወናኒ በሊየን ገንዘብ ይኹን፡ ዋላ ደረጃ ትምህርቱ ኣመና ዝለዓለ ይኹን፡ ምስ በዓልቲ ቤቱ ይኹን ምስ ደቁ ጽቡቕ ዋላ ኣይዛልዎ፡ ዋላ ብናይ ቀረባ ዓርኩ መሓዙቱ ብጸቡቕ ይስበብ … ጸቡቕ ሓጎስ ኣብ ህይወቱ ንኽስተማቕር እኹል ውሕስነት ኣይኮኑዎን እዮም፡፡ እቶም ንሶም ዘለዎ እወታውያን ጉድንታት፡ ከም ላህመት ኣብ ላዕሊ ጸንበል ኢሎም ጥራይ እዮም ዝተርፉ፡ ናብ ታሕቲ ክወርዱ እኹል ሚዛን የብሎምን፡፡

ብሓደት ሰባት ጥራይ ተሓጺርና ወይ ተደሪትና፡ ሕጉስ ሕይወት ክንነብር ከቶ ኣይንኽእልን ኢና፡፡ ገለ ኣቐዲምና ብኣካል ዘይንፈልጦም ሰባት ኣብ እዋን ጸገምና ምስ ዝሕግዙና፡ ኣመና ንሕጉስ ኢና፡፡ ንሕና ኣቐዲምና ከምኡ ዓይነት ስጉምቲ ኣብ ልዕሊ ዘይንፈልጦም ጸገማት ሰባት ብዘይምግባርና፡ ስሚታትና ከይሓቖኖና ክሓልፍ ኣይክእልን እዩ፡፡

ሰባት ክርህሩሁልና ወይ ክብቖብቑልና እንክሎው፡ ቀልጢፉ ናብ ኣእምሮና ዝመጽእ ሓሳብ፡ "ኣነኸ ከምዚ ዓይነት ቅዱስ ተግባር ከይፍጽም እንታይ ኣሎ ዝዕግተኒ?" ዝብል እዩ ዝኸውን፡፡

ሰባት ክርህሩሁልና ወይ ክድግፉልና እንክሎው፡ ከም ቀሊል ተመክሮ ክንወስዶ ኣይግባእን፡፡ ካብቲ



ተመክሮ ክንቕስሞ እንኽእል ትምህርቲ፡ ንሓዋሩ ኣብ ኣእምሮና ተወቒሩ ክተርፍ ይኽእል እዩ፡፡ ሰባት ክብቖብቑልና እንክለዉ ንሕጉስ እንተ ኳንና፡ ንሕና ንሰባት ክንብቖብቑሎም እንክለና ከም ዝሕጎሱ ከመይ ኣቢሉ ክስወረና ይኽእል?

ንሰባት ዝያዳ ብዙሓገዝናዮምን ዝራህራህናሎምን መጠን፡ ዝያዳ እዮም ዝሕግዙናን ዝርህሩሁልናን፡፡ እዚ ቀዋሚ ክጠፍእ ዝኽእል ሰብ ምሒር ሓደት ጥራይ እዩ ክኸውን ዝኽእል፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ እዚ ሃገበ እዚ እዩ መሰረት ኩሉ ሓድሕዳዊ ምትእምማንን ምሕዝነትን፡፡

ሓደ ሰብ ዋላ ኩሉ መሰለጥያታት እንተ ተማልኦሉ፡ ኣብ ህይወቱ ሽሕ ግዜ ዕወት ዋላ እንተ ኾኑ ዋላ ናይ ቀረባ ዓርክ መሓዙት እንተ ዓሰልዎ፡ ዋላ ፊናንሳዊ ውሕስነት ይሃልዎ፡ … ገለ ነገር ከም ዝጎደሎ ክርድኦ ብዙሕ ግዜ ኣይሓተዮን እዩ፡፡ 'ምሉእ ዘይጉዱል ኣብ ህይወተይ ስለ ዘለኒ፡ ፍቕሪ ጉረባብተይ፡ ኣዝማደይ፡ ሕብረተሰበይ፡ … ከቶ ኣየድልየንን እዩ፡' ኢሉ ዝኣምን ሰብ፡ ብድንቀ'ርናን ሕጽረት ኣመለኻኽታን ተጋሪዱ ከም ዘሎ ጥራይ ኢና ክንርድኦ እንኽእል፡፡

ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ኑየም ዝቐርብዎም ሰባት ከይተረፈ ምሉእ ኣኽብሮት የብሎምን፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ኑየም ዝቐርብዎም ሰባት፡ "ዕወትን ሃብታምን ስለ ዝኾንኩ እኮ እየ ንዓይ ዝዕስሉኒ ዘለዉ፡፡" ብምባል እዮም ዝመዝንዎም፡፡

ሰባት ንእንታይነትካ ዘይኮነ ንገዝኡኻ ወይ ንሓላፍነትካ ኢሎም ዝቐርቡኻ ዘለዉ ኩይቶ እንተ ተሰምዓካ፡ ውሽጣዊ ቅሳነት ወይ ሓጎስ ክየስልካ ዝሕለም ኣይኮነን፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ሓደ መዓልቲ ገንዘብካ ወይ ሓላፍነትካ እንተ ኸሰርካ፡ እቶም ዓሰልምኻ ዝነበሩ 'ፈተውትኻ' ዝነበሩም ክህቡኻ ግዜ ከም ዘይወስደሎም ኣይጠፍኣካን እዩ፡፡ ሸው ኢኻ ድማ፡ ንጥቕሚ ርህራሀን ፍቕሪ ሰባትን ብዝዮዩኡ ክትግንዘቦ እትጅምር፡፡

ሰባት ስምዒት ርህራሀ ወይ ድንጋጸ እንተ ኣማዕቢሎም፡ ሓጎሶም ከም ዝዓዘዘ ዘጠራጥር ኣይኮነን፡፡ ከምዚኦም ዓይነት ሰባት ዋላ ጸገማት ቀኒጠብ ይሃልዎም፡ ዋላ ዝበርም ሃብቲ ከንቁልቀል ይጀምር፡ … ምስ ሰባት ብፍቕሪ ዝኸፈልዎ ነገር ከቶ ኣይሰእኑን እዮም፡፡

ቀኒጠብ ዓለም ረጊኡ ኣይፈልጥን እዩ፡፡ ኩሉ ሻብ ምስ ተሓቖኻ እዩ፡፡ ክንደይ ክብሪታን ለጠቕታን ኪጋጥም ንዕዙብ ኣለና፡፡ ሰባት ገንዘብና ጥራይ ኣይኮኑናን ክንክስር እንኽእል፡፡ ናይ ቀረባ ስድራ ቤትናን ፈተውትናን ከማን ቀጻሊ ብሞት ንምንጠል ኢና፡፡ ኣብ ከምዚ ኩነታት ዘጸናንዑና ሰባት የድልዩና፡፡ ዘጸናናናዕናዮም ሰባት ከጸናንዑና ዘሎ ተኽእሎ ምሒር ጸቢብ ምኳኑ ንምፍላጥ ከኣ ግድን ኣመና በሊሕ ሰብ ምኳን ኣየድልን እዩ፡፡

ሓቂ እዩ ኣብዚ ስሰዐን ብድዐን ዝጠዙሓሉ ዘመን፡ ብዙሕ ርህራሀ ወይ ብቐጥቐጥ ክትዛረብ እንክለኻ፡ ንገለ ሰባት ዘይክውሓጠሎም ይኽእል እዩ፡፡ ሰብ ሕልናኡ ክቕትል እንክሎ፡ ብዙሕ እንታይ ክሰምዕ ከም ዝደሊ ርዱእ እዩ፡፡ ሕልናኻ ምቕታል ግዱ ካብ ኑበሻካ ምቕታል ተፈልዩ ክርአ ኣይክእልን እዩ፡፡ ትርጉም ህይወት ምሉእ ብምሉእ እኮ እዩ ህልም ኢሉ ዝጠፍኣካ፡፡

ጸቡቕ ጥዕና ክተስተማቕር ባህጊ እንተ'ለዩኻ፡ ነዊሕ ዕምሪ ክትነብር ትደሊ እንተ ኼንካ፡ ሰላም ኣእምሮ ዘሀርፈካ እንተ ኾይኑ፡ ባህታን ሓጎስን ክያስለካ ትምኒ እንተ ኼንካ … ጥቕሚ ድንጋጸ ወይ ርህራሀ ኣይስወረካን እዩ፡፡

ጥቕሚ ርህሩህ ኩነት ኣእምሮ ኣብ ኣካላውን ስምዒታውን መዳያት፡ ብሓያሎ ስነ ፍልጠታውያን ምርምራት ተረጋጊጹ እዩ፡፡ ኑየም ስነ ፍልጠታውያን ምርምራት ዘዝበቡ ሰባት ከኣ፡ ዝያዳ ርህሩህ ኩነት ኣእምሮ ክሸነኽሉ ተደሪኖም እዮም፡፡

ክሻዶ ስነ ፍልጠታዊ መጽናዕቲ፡ ካብ ናይ ጉዱእ ርእስና ግብራዊ ተመክሮን ዕለታዊ ህይወትናን ተበጊስና፡ ርህሩሃት ንኸነሽነው እንድረኽሎም ብርክት ዝበሉ ምኽንያታት ኣይስእኑን እዮም፡፡ ንኣብነት፡ ሕጽረት ድንጋጸ ወይ ብቐጥቐጥ ናብ ጭካነ ክመርሓና እንክሎ ኣጋጢሙና ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ ጨካናት ሰባት ከኣ ናብ ጥቓ ሓጎስ ገጾም ቀሪቦም ኣይፈልጡን እዮም፡፡

ርህራሀ ዝጐደሎ ሰብ፡ ወሽጣዊ ሰላም የብሉን፡፡ ለይቲ ይኹን ቀትሪ ልዋም ድቃስ ኣይወስዶን እዩ፡፡ ኣብ ዝኸዶ ቦታ ዘይውሕስነት ስለ ዝስምዖ፡ ኩሉ ሻብ ካብ ቅሱን ህይወት ምስ ረሓቐ እዩ፡፡ ስምዒት ፍርሒ ስለ ዘጥቅዖ፡ ኣብ ዝኸዶ ቦታ ቀልበ ቡብ ክብል ደርኡ፡፡

ብመንጽሩ፡ ርህሩሃት ሰባት ከድቅሱ እንተ ደልዮም፡ ኣስተርሒዮም እዮም ዝድቅሱ፡፡ ድቃስ ቀልጢፉ ይወስዶም፡፡ ኣብቲ ዝደለይዎ ሰዓት ከኣ ፍኹስ ኢልዎም ብድድ ኢሎም ይትንስኡ፡፡

መብዛሕትኡ ሰብ ንግዜ ህጻንነቱ እዩ እናተደፋፍኣ ዝዝክሮ፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ መብዛሕትኡ ሰብ ኣብ ግዜ ህጻንነቱ ብወለዱ፡ ኣሕዋቱ፡ ጉረባብቱ … ዝሓሸ ርህራሀ ወይ ድንጋጸ ስለ ዝረኸበ፡ ኑቲ ናይ ግዜ ህጻንነትካ ተመክሮ ብጸቡቕ ትዝክሮ እንተ ኼንካ፡ ምስ ዓቢኻ ርህሩህ ወይ ደንጋጺ ዘይትኸውን ምኽንያት ደኣ እንታይ እዩ? ርህራሀ መንገዲ ሓጎስ ከም ዝትሕዞ ካብ ዘይምፍላጥዶ ክኸውን ይኽእል?

ናይ ዘይርህሩሃት ሰባት ባህሪ ፍልይ ዝበለ እዩ፡፡ ንዝኾነ ሰብ ኣይኣምኑን እዮም፡፡ እቲ ምሒር ዘደንጽዩ ዋላ ንገዛእ ርእሶም ዘይኣምኑ ምኳኖም እዩ፡፡

ተጠራጠርቲ ሰባት ከቶ ሕጉሳት ክኾኑ ኣይክእሉን እዮም፡፡ እቲ ምንታይሲ፡ ምስ ሰባት ስለ ዘይቀርቡ ብጽምዋ እዮም ዝብልዑ፡፡ ብውሽጦም ባዶነት ይስምዖም፡፡ ንሶም ንሰባት ከም ሓቀኛታትን ቅኑዓትን ከቶ ክርእዮም ኣይክእሉን እዮም፡፡

ገለ ስነ ፍልጠታውያን መጽናዕቲታት ከም ዝገልጽዎ፡ ጠንቂ ዘይርህሩሃት ሰባት ኣብ ግዜ ህጻንነቶም ካብ ኣዲኦም ወይ ኣቦኦም ፍቕሪ ስለ ዘጐደሎም እዩ፡፡ ገለ እሞ ኸኣ ግዳያት ጭካነ ኣቦኦምን ኣዲኦምን ኩይኖም ስለ ዝዓበዩ፡ ጽልኣት ኩሉ ሰብ እንተ ሓደርዎም ከቶ ዝገርም ክኸውን ኣይክእልን እዩ፡፡

ርህራሀ ወይ ድንጋጸ እምበኣር፡ ቅድም ቀዳድም ካብ ወለድና ክንመሃሮ እዩ ትጽቢት ዝግበረልና፡፡ ንሓደ ህጻን ወለዱ ጥራይ ኣይኮኑን ዘዕብይዎ፡፡ እቲ ህጻን ዕድለኛ እንተ ኾይኑ፡ ጉረባብቱ እውን እኮ ወለዱ እዮም፡፡ ናይ ቀረባ ኣዝማድ ኸማን ኣብቲ ህጻን እወታዊ ጽልዋ ከሕድሩ ሓላፍነት ኣለዎም፡፡ ተራ እቲ ዝዓበዩሉ ሕብረተሰብ ኣኣአኤኻ ዝርአ ኣይኮነን፡፡

ሕማቕ ኣጋጣሚ ኩይኑ እቲ ህጻን ዝኾነ ሓገዝ ብእወታዊ መንገዲ እንተ ዘይረኸቦም፡ ኣኸልዎ ንገዛእ ርእሱን ንኸበብኡን እናሃሰየ፡ ሽዑ ሕብረተሰቡ ኩይኑ ክኹብር ኣለዎ ማለት ደዩ?

ኣይፋሉ! እዞም ከምዚኦም ህጻናት ብዘዎጽእ ተሰልዮም፡ ዝያዳ ሓገዝ ካብ ሕብረተሰቦም ክረኽቡ ይግባእ፡፡ ክሱብ ንዕድመ ኮተቴት ወይ ግርዘውና ዝበጽሑ፡ ጥቕሚ ርህራሀ ወይ ብቐጥቐጥ ብዝረብ ጥራይ ዘይኮኑ እንኻላይ ብተግባር ክሰንቁ ይግባእ፡፡

ብርክት ዝበሉ ሊቃውንቲ ደቂ ሰብ ብሽመይ ድንጋጸ ወይ ብቐጥቐጥ ከም እንማዕብል ዝሕግዙ ዝተፈላለዩ ሜላታት ኣማዕቢሎም እዮም፡፡ እዞም ሜላታት ዝያዳ ኑየም ኣብ ግዜ ህጻንነቶም ተበዲሎም ዝዓበዩ ዝጠቕሙ እዮም፡፡ እቶም ህጻናት ኑየም መጽናዕታውያን ጸሓፋት ከንብበዎም ትጽቢት ኣይግበረሎምን እዩ፡፡ እቶም ንኸሃንብቦም ዕድል ዝረኸቡ ሰባት ኢና ክንሕግዞም ዝግባእ፡፡

ኑየም ህጻናት ንኽብሪ (value) ርህራሀ ፈትፊትና ክረድኦም ኣለና፡፡ ኑቲ እንብሎም ብዝዮዩኡ ከም እተረድኡና፡ ብዝተፈላለዩ ግብራውያን ፈተነታት ክረጋግጽ ይግባእ፡፡ ኑቲ እነቕስሞ ሜላ ብልዑል እምንቶን ተወፋይነትን እንተ ተቐቢሎሞ፡ ርህሩሃት ንኽኾኑ ግዜ ኣይወስደሎምን እዩ፡፡ ርህሩሃት ምኳኖም ሕጉሳት ይገብሮም እሞ፡ እቲ ዝተዋህቦም ትምህርቲ ቅድም ቀዳድም ንዕኦም ከም ዝርብሖም ይግንዘቡ፡፡

ንሳቶም ንሸኢሉ-ኣእምሮኦም፡ ፈጠራኦም፡ … ተጠቒሞም ንገዛእ ርእሶም ኣብ ኩነታት ካልኦት ጸገማት ሰባት ኩይኖም ክርእይዎ ይጀምሩ፡፡ ሕልናኦም ቀጻሊ ደሰፍሕ እሞ፡ ካልእ ሰብ 'ክቕንጦ' ክርእዩ እንክለዉ፡ ቀልጢፎም 'ሃይ' ኢሎም ክቐዝሙ ይጀምሩ፡፡ ዓለምና ንኽትነብረ ዝምችእምኣት ስፍራ ንኽትኸውን፡ እጃሞም ከበርክቱ ወትሩ እጆንም ይሰብሰቡ፡፡

ሊቕ ስነ ልቦና ደቪድ ማክለላንድ ኣብ ዩኒቨርስቲ ሃርቫርድ እዩ ዝምህር፡፡ ንሱ ንብርክት ዝበሉ ተመሃሮ፡ ብዛዕባ ማዘር ተሬዛ ኣብ ካልካታ-ህንዲ፡ ንጽጉማትን ሕሙማትን እናሓገዘት ዘርኢ ፊልም ከም ዝዕዘቡ ገይሩዎም፡፡ ወዮም ተመሃሮ ኣብ መወዳእታ፡ እታ ፊልም ስምዒት ብቐጥቐጥ ንኽሓድሮም ከም ዝደረኸቶም ማስከሩም፡፡ ብድሕሪዚ፡ ፕሮፌሰር ደቪድ ማክለላንድ ኣብቶም ተመሃሮ ኣብ ዝገበሮ ኣካላዊ መርመራ፡ ንረኽሲ እስትንፋስ ዝቃለስ ጸረ-ነፍሳት (immunoglobulin-A) ዝያዳ ከም ዘማዕበሉ ኣረጋጊጹ፡፡

ኣብ ካልእ መጽናዕቲ፡ ብፕሮፌሰር ጀምስ ሃውስ ካብ ማእከል ምርምር ዩኒቨርሲቲ ሚቺጋን ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ኣብ ስራሕ ወለንታዊ ዕዮ ምስታፍ፡ ምስ ካልኦት ሰባት ብብሩህ ገጽን ብዓይኒ ርህራሀን ምውሳእ፡ … ኩነታት ጥዕና የመሓይሽን ንዕምሪ የንውሕን፡፡

ካልኦት ብዙሓት ተመራመርቲ ኸማን ተመሳሳሊ ውጽኢት ረኺቦም እዮም፡፡ እወታዊ ኩነት ኣእምሮ፡ ንኣካላዊ ጥዕናና ብርኡይ እዩ ዘመሓይሾ፡፡ ብተወሳኺ ኣብ ኣካላዊ ጥዕና ዘለዎ ረብሓ፡ ባህሪ ርህራሀን ሓልዮትን ምምዕባል ኣብ ስምዒታዊ ጥዕና ጸቡቕ ኣበርክቶ ከም ዘለዎ ስነ ፍልጠታዊ መረጋገጺ ተረኺቡ ኣሎ፡፡

መጽናዕቲታት ከም ዝምስክርዎ ዘለው፡ ንጽጉማት ሰባት ምሕጋዝ ንደረጃ ሓጎስካ ብርኡይ እዩ ዘበርኽ፡፡ ኣእምሮኻ ህድኣት ከም ዝሰልሶን ካብ ቁዘት ሓራ ንኽትከውንን ይሕግዘካ፡፡

**"ሓጎስ ሩሑ እትሕዘሉ መርበብ እዩ፡፡" - ማዘር ተሬዛ**

**"ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንሓደ ደቒቕ እትሓርቖ 60 ካልኢታት ሓጎስ ትኸስር፡፡" - ራልፍ ዋልዶ ኢመርሰን**

**ይቕጽል**

BISHA MINING

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

# VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Blaster**
   **Department: Mining**
   **Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Charge and blast stopes and development headings.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- **Blasting operations**
  - Making working place safe by barring and watering down the workplace to release loose rocks and suppress dust respectively
  - Blow out drilled holes to clean the same by using hose pipe and charging rods prior to charging
  - Prepares primers for inserting into drilled holes in correct sequence to achieve blast efficiency and correct blasting timing
  - arranges transportation of explosives back to magazine to keep it in tidy condition and avoid wastage respectively

**Health, Safety and Environment**

- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance
- Facilitate Stop look assess and manage (SLAM), Visible felt leadership (VFL), Planned task observation (PTO), training.
- Develop and implement underground blasting safe operating procedure

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.
-

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Grade 12 or Equivalent<br>• Valid blasting licence<br>• Valid First Aid Certificate<br>• Valid driving license | • 5 years minimum experience in hard rock underground blasting operations<br>• Experience with Maxam explosives is an added advantage |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Ability to assess risk and diagnostically gather information, Attention to detail and planning skills, Results orientated, Communication skill | • Self-starter, Drive and enthusiasm, Development orientated, Passion for accuracy and perfection in delivery, Safety oriented |

2. **Position: Timberman**
   **Department: Mining**
   **Number required: Two (02)**

**Primary Purpose**

- To maintain and ensure that the shaft is always in a safe working condition in accordance with Mining Safety regulations, so that men and materials maybe conveyed with maximum safety.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Performance Areas/Goals**

- Inspects the shaft, haulage, and tramming ways to examine for looseness, damage or obstruction and carry out spot repairs to timberwork, steel works and any other work as required by supervisor. Use gas cutting equipment and compressed air saws during such repairs.

**Responsibilities**

- Ensures availability of tools & materials
- Reports leaks and damages to high/low pressure pipes so that arrangements can be made to replace/repair same
- Takes accurate measurements and pre-fabricates parts on surface where replacements and repairs cannot be carried out underground. Reports to the 'Shift Boss' where problems cannot be remedied.

**Health, Safety and Environment**

- Drive the health, safety and environment standards/policy awareness and practice in the Department to ensure compliance

**Unique requirements / other information**

- The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Full Grade 12 Certificate<br>• Blasting licence Holder<br>• Must pass General Timbering course<br>• Valid First Aid Certificate<br>• Valid driving license | • 5 years' experience in underground mining operations |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Ability to assess risk and diagnostically gather information, Attention to detail and planning skills, Results orientated, Communication skill | • Self-starter, Drive and enthusiasm, Development orientated, Passion for accuracy and perfection in delivery, Safety oriented |

**Position: Maintenance Planner Scheduler**
**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To plan, schedule, control and direct workloads involving Maintenance, repair
- To maintain the availability and productivity of the plant machinery and labour resources in accordance with Computerized systems and Quality Assurance Procedures.

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREAS**

**Equipment availability**

- Develop and implement effective planned maintenance procedures in line with modern maintenance management system and ethics in order to maximize the availability/productivity of plant equipment.

**Planned Maintenance Compliance**

- Plans and schedules routine, repair and major overhaul maintenance workload for maintenan□The candidate must be Physically and Medically fit.

| **Qualifications:** | **Knowledge and Experience** |
|---|---|
| • Diploma Holder in Mechanical, Electrical, or Instrumentation fields<br>• A maintenance certification such as Certified Maintenance and Reliability Professionals (CMRP), Maintenance Management Professional (MMP) or Certified Reliability Engineer (CRE) is a strong asset.<br>• Further qualification in Finance/ Business Management would be an advantage. | • At least 9 years work experience in Plant environment– disciplinary industrial plant experience both surface and underground.<br>• Knowledge of plan, schedule, control, and direct workloads involving Maintenance, repair. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Computer Literacy, Conversant with Microsoft Office Suite (Outlook, Excel, Word, Microsoft Project, and Power Point), Strategic planning, Project planning, Budgeting, Plan, organise, and execution, Risk management and assessment, Analytical and Problem solving, Technical Report writing | • Good oral and written communication skills, Ability to work in multi-disciplinary environment, Ability to conduct Engineering matters to various levels, Ability to work under pressure and achieve project milestones, Self-starter, Drive, and enthusiasm, Developmental orientated, Passion for accuracy and perfection in delivery Excellent leadership skills. |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to**
**Aliens Employment permits**
**P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ቀጺሉ

ስፖርታዊ ውድድር ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብቐደሚ ትማሊ ብኸዕሶ ሰኪዔትን ኩዕሶ እግርን ቀጺሉ ነይሩ።

ኣብ ኩዕሶ ሰኪዔት፡ ፈለማ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ መኻተን ዓንበርበበን ተጋጢመን፤ ዓንበርበበ፡ ብገፊሕ 47-ብ15 ክትዕወት እንከላ፡ ተጻወትታ ብዘርኣየኦ ዝንኣድ ምንቅስቓስ ካብ ተዓዘብቲ ልዑል ናእዳ ረኺበን። ተመጣጣኒን ብቐዓት ዝተራእየላ ጸወታ ሓረናን ሰንጠቖን ድሓራ ዝተኻየደት - ሓረና ብጸቢብ ዓወት 31-ብ29 ተዓዊታ።

ቀጺለን ናይ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ሰንጥቖን ክንፈን ተጻዊተን፡፡ ተጻወትቲ ጋንታ ሰንጥቖ ዝለዓለ ብቕዓት ብምዝኣ ብምጥቃም ከኣ 58-ብ45 ተዓዊቶም፡፡ በፈር - ብምልእ ዓብላልነት ንንስሪ 68-ብ17 ኣሰኒፋታ።

እዚ ውድድር፡ ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቀትሪ እውን ክልተ ጸወታ ኩዕሶ እግሪ ደቂ-ተባዕትዮ ኣሰላሲሉ። ፈለማ ሽዑላን ንስርን ክጻወታ እንከለዋ፡ ንስሪ ኣብ መበል 20 ደቒቕ ካብ ቢንያም ግርማይ ብዘመዝገበታ ሸቶ ንዕረፍቲ 1-ብ0 መሪሓ ወጺኣ።

ካልኣይ እብረ፡ ጋንታ ሽዑላ ተመሓይሻ ኣብ መበል 51 ደቒቕ ካብ ቢንያም ነጋሲ እተመዓራርያ ሸቶ ኣመዝጊባ። በዚ ደው ዘይበለት እዛ ጋንታ፡ ኣብ መበል 80 ደቒቕ ካብ ሓየሎም ሃብተማርያም ሸቶ ብምቝጻር፡ ካብ ድሕሪት ተበጊሳ 2-ብ1 ተዓዊታ። ኣባላ ሓየሎም ሃብተማርያም ድማ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተጸዊዑ።

ካልኣይቲ ጸወታ መኻተ ኣንጻር ዓንበርበበ ዘቖጻኦ ነይሩ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ሸቶ ዘይተራእየ እዛ ጸወታ፡ ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ መኻተ ብተኸታታሊ ኣብ መበል 52ን 64ን ደቒቕ ካብ ሰረቐ መብራህቱን የሴፍ ጺጋይን ሸቶ ብምቝጻር፡ 2-ብ0 መሪሓ። ወጽኢት ንምጽባብ ዝሰርሐት ዓንበርበበ ብወገኑ ኣብ መበል 77 ደቒቕ ብመገዲ መድሃኔ ሰዩም ናብ ጸወታ ዝመለሰታ ሸቶ ረኺባ።



ድሕሪ 10 ደቓይቕ ግን፡ መኻተ ካብ ሰም ተኪኤ መራሕነታ እተደልድል ሸቶ ኣመዝጊባ። ዓንበርበበ ዋላ'ኳ ኣብ መበል 90 ደቒቕ ብመገዲ መርሃዊ ጻድቕ ሸቶ እንተኣመዝገበት፡ ግዜ ስለዘርከበ 3-ብ2 ካብ ምስናፍ ኣይተናገፈትን። ኣባል መኻተ መድሃኔ ረዳኢ ብሉጽ ተጻዋታይ ምስምዑ ካብቲ ቦታ ዝጸንሐና ሓበሬታ ኣረዲኡ።

## ናይ ማውንቴን ባይክን ዳ'ኮርሶን ውድድር ተኻይዱ

ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክን ዩዘ ዳ'ኮርሶ፡ ዝሓለፈ ቀዳም፡ ኣብ ኤክስፖ ከባቢ 5ይ መደበር ፖሊስ ናይ ቀዳማይ መድረኽ ዙር ዞባ ማእከል ውድድር ኣካይዶም፡፡

በዚ መሰረት፡ 30 ኪሎሜተር ካብ ዝሸፈኑ ተቐዳደምቲ ክሊ. ዕድመ 13-14፡ ተማሲኑ ኣስመርም ካብ ጋንታ ትጸቢት ቀዳማይ ኮይኑ ተዓዊቱ። ሚልኪያስ ሻምበል - ሳሊና፡ ፍረሰላም መሴን ሄኖክ ወልዱን - ትጸቢት፡ ሴም ሃይለን ኤልያስ ግርማይን - ሳሊና፡ የውሃንስ ጺጋይ ብውልቁ፡ ሄብሮን ሃብትኣብ - ትጸቢት፡ ዩኤል ስብሓትልኣብን ኖህ ናይዝጊን - ጎዳይፍ ከኣ - ክሳብ 10ይ።

ቀጺሎም ክሊ. ዕድመ 15ን 16ን - 40.5 ኪሎሜተር ሸፊኖም፡፡ ተቐዳዳማይ ሳሚኤል የውሃንስን ሚልኪያስ ዳንኤልን ክልቲኦም ካብ ጋንታ ትጸቢት፡ ብዘደንቕ ብቕዓት ተመራሪሖም ተዓዊቶም፡፡ ሰናይ የውሃንስ - ጽግዕት፡ የናታን ተስፋይን ዲይሞን ሰለሙንን - ትጸቢት፡ ናታን ኣሰፋው ካብ ሓዳስ ጋንታ ኣሰር፡ ሰናይ ተኽለ - ትጸቢት፡ ሄኖክ ተኪአ - ኣሰር ከኣ ክሳብ 10ይ ኣትዮም፡፡ ሓዳስ ጋንታ ኣሰር፡ ኣብ ቦኽሪ ስታሬኣ ሰለስተ ተቐዳደምታ ምስ ቀዳሞት 10 ተቐዳደምቲ ብምእታዎምን ካብ ብምምዝጋብምን ካብ ተዓዘብቲ ናእዳ ኣትረፋ።

ክሊ. ዕድመ 17ን ልዕሊኡን 54 ኪሎሜተር ክሸፍኑ እንከለዉ፡ የቤድ ኤፍሬም - ጎዳይፍ፡ ኖህ ተኽለሃይማኖት - ኣርባዕተ ኣስመራ፡ ንኻልኣይ ግዜ ብተኸታታሊ ተመራሪሖም ተዓዊቶም፡፡ ሚካኤል ዳዊት - ገዞጉዱ፡ መድሃኔ ሰለሙን - ኣኽርያ፡ ናህም ሃብተጽዮን - ጽግዕት፡ ሄኖክ ኣረፋይነ - ሰራ፡ ሄኖክ የማነ - ጎዳይፍ፡ ኢሰርም ያቆብን ሬድዋን ኪዳነን - ኣኽርያ፡ ኣማኑኤል ወልደየውሃንስ - ትጸቢት ድማ፡ ክሳብ 10ይ ተርታ ሒዞም፡፡

ተተኣቲ ተቐዳደምቲ ማውንቴን ባይክ ደቂ-ኣንስትዮ'ውን 45 ኪሎሜተር ሸፊነን ነይረን፡ ሰደና ሃብቶም - ሰራይደርሳዋ ክትዕወት እንከላ፡ ጓል ጋንታኣ ሰልቫና ወልደሚካኤልን በቲኣል ክፍላይ - ጽግዕት ድማ ሰዒበንኣ፡፡ ዳናይት ቦኽረጼን ብውልቀ፡ ራህዋ ተኽለሃይማኖት፡ ዋሪድ ኤፍሬምን ኣርሴማ ዓንደጼንን - ሳሊና፡ በቲኣል ተስፋይ፡ ሰልቫና ግርማይን ሰሊሆም ዝብርሂወትን - ሰራይደርሳዋ ከኣ ካብ ራብዓይ ክሳብ 10ይ ኣትየን፡፡

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ዩዘ ተቐዳደምቲ ዳ'ኮርሱ ኬቨን ተኽለማርያም - ኣስቤኮ ቀዳማይ ክኣቱ እንከሎ፡ ኣዶናይ ቃልኣብ - ናትና፡ ማቲዎስ በርሀ - ኤሪትል፡ ኤፍሬም ዘርኣጋብር - ኣስቤኮ፡ የናታን መድሃኔ ብውልቁ፡ መሓሪ ኣኽሊሉ - ጎዳይፍ፡ ኤቨንኤዘር ዳኒኤል - ናትና፡ ሳዶር ኣሰይያስ ብውልቁ፡ ኣቤል ኣኽሊሉ - ንስሪ ድማ፡ ክሳብ 10ይ ምእታዎም፡ ህዝባዊ ርክባት እቲ ፈደረሽን ሓቢሩ፡፡

## ፖግባ፡ ንዝላታን ተሪር መራሒ ኢልዎ

### ፖግባ፡ መልሲ ክህብ ሰለስተ መዓልታት ዕድል ተዋሂብዎ

ተጻዋታይ ክለብ ጁቬንቱስ ፖል ፖግባ፡ ኣብ ማን ዩናይትድ ወዲ ጋንታኡ ንዝነበረ ዝላታን ኢብራሂሞቪች 'ተሪር መራሒ/ሓለቓ' ክብል ክገልጾ እንከሎ፡ ዝሀቦ ዝነበረ ኣቓፈታ ንገለ ተጻወትቲ ይኸብዶም ምንባሩ ገሊጹ።



ፖግባ፡ ኣብ ክረምቲ 2016 ዝነበረ ተጻዋታይ ፕሪመር ሊግን ዓለምን ተጸዊዑ ናብ ማን ዩናይትድ ኣብ ዝተሰጋገረሉ እዩ፡ ምስኡ ብናጻ ካብ ፒኤስጂ ናብ'ዛ ጋንታ ዝተጸምበረ ዝላታን ክላተቦር በቒዑ። ኣብ ቀዳመይቲ ዓመቶም ኣብ ትሕቲ ሆዜ ሞሪኖ - ዩናይትድ፡ ኤውሮፓያን ሊግን ካራባኦ ካፕን ክትዓትር ሓጊዞማ እዮም፡፡

እዚ ፈረንሳዊ ኣከፋፋሊ፡ ብዙሓት ኣብ'ተን ዝተጻወተለን ክለባት ካብ ዝረኣየም መራሕቲ ተጻወትቲ ኣብ ዝተሓተተሉ እዩ እምበኣር፡ "ዝተፈላለዩ ዓይነት መራሕቲ ርእየ እየ። ዝላታን ሓደ ካብኣቶም እዩ - ተሪርን ሓያልን መራሒ እዩ፡፡" ክብል ንዝላታን ብቑዓምነት ዝጠቐሶ።

ንሱ ቀጺሉ፡ "ምሳይ ደሓን እዩ ነይሩ፣ 'ትማሊ እንታይ ኢኻ ትገብር ኔርካ? ሕማቕ ኢኻ ተጻዊትካ፡፡ ለሚ ኪድ ልምምድ ግበር' እዩ ዝብለኒ። ስለ'ዚ መራሒ እዩ፡፡ ክትዕወት እዩ ዝደልየ፣ እንተኾነ፡ ኣብዝሓኡ ብተሪር መገዲ እዩ። ኣነ ይፈትዎ እየ። ግን ሰባት ግና ዘይፈትውዎ ኣለዉ። ቢቃ፡ ርኢይቶኡ ንገለ ሰባት ልዕል ክብሎም ዝኽእል ኮይኑ፡ ንካልኦትን ከኣ ክሰድዖም ይኽእል እዩ። ብሓፈሻ፡ ምስ ዝላታን ብኣእምሮ ክትሕይል ኣሎካ፡፡" ክብል፡ ርኢይቶ ዝላታን ንገለ ተጻወትቲ ከምዘጸገሞም ኣረዲኡ።

ፖግባ፡ ከም ዝላታን፡ ንኤቭራን ፒርሎን'ውን ካብቶም ዝረኣየም መራሕቲ ተጻወትቲ ጠቒሶም ኣሎ። "ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ፈረንሳን ማንቸስተርን ሓለቓ ዝነበረ ኤቭራ ዝተፈልየ እዩ፡፡ ሓንሳብ ሓንሳብ ትርር ይብል እዩ፡፡ ግና ብጸቢቕ ኣገባብ እዩ ዘረርበካ" ኢሉ። ገለ መራሕቲ ኣብ ደገ ዘይዛረቡ፡ ኣብ ሜዳ ግና ኩሉ ግዜ ዝቕልሱኻ ከምዝለዉ እውን ዝገለጸ እዚ ኣከፋፋሊ፡ "ከም ኣብኡት ፒርሎ መራሒ እዩ፡፡ ኣብ መቐየሪ ክፍሊ ኣይዛረብን እዩ፣ ኣብ ሜዳ ግና ርእሰ ተኣማንነት ዝህበካ ዝተፈልየ ሓለቓ እዩ፡፡" ኢልዎ፡፡

ይኹን እምበር ፖግባ - "ኣነ መራሒ ክብል ኣይክእልን፣ ሰባት እየም ኢኻ ወይ ኣይኮንካን ክብሉኒ ዘለዎም፡፡ ንኽዕወት ግና፡ ኩሉ ነገር እየ ዝገብር፡፡" ክብል፡ ንሸኻኽ መራሒ ዲኻ? ተባሂሉ ኣብ ዝተሓተተሉ መልሲ ሂቡ፡፡

ፖግባ ኣብ'ዛ ምስ ኣልጀዚራ ዝገበራ ቃለ-መሕትት፡ ዝሓለፈ ዓመት ሓው ብዝርከቦም ጉጅለ ብሰንኪ ዘጋጠሞ ዘረፋን ምፍርራሕን ጸወታ ከቋርጽ ሓሲቡ ምንባሩ ግልጺ ገይሩ፡፡ ገንዘብ እንተመጺኡ ክትጥንቀቕ ከምዝለካ ዝሓበረ ፖል፡ ገንዘብ፣ ሰባት ከምዝቕይር፡ ስድራቤት ከምዝበታትን ኩናት ከምዝፈጥር እውን የረድኡ፡፡


"ሓደ-ሓደ ግዜ 'ድሕሪ ሕጂ ገንዘብ ክህልወኒ ኣይደልን እየ፡፡ ኩዕሶ ምጽዋት'ውን ይትረፈኒ፡፡ ተራ ሰብ ክኸውን እየ ዝደሊ፡፡ በዚ ከኣ ሰባት ከም ዘለኹዋ ንዓይ እምበር፡ ንህቡብነተይን ገንዘበይን ኣለም ኣይፈትዉኒን እዮም' ኢለ እሓስብ፡፡" ክብል፡ በቲ ፍጻመ ከምዝበህረረ የረድኡ፡፡ ማቲያስ ዝበሃል ሓዉን ካልኦት መተዓብቲን ዝኾኑ ጉጅለ፡ እዚ ተጻዋታይ ሚልዮናት ክህቦም ከምዝፈራርሕዎ እዩ ዝገለጸ፡፡

እዚ ከም'ዚ ኢሉ እንከሎ፡ ፖግባ ድሕሪ ዝተገበረሉ መርመራ ሓይሊ ናይ ዝህብ መድሃኒት (ተስቶስተሮን ዝበሃል ሆርመን ኮይኑ ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣትሌታት ዘዕቢ እዩ) ኣብ ነብሱ ብምጽናሑ፡ ነዚ ጉዳይ መልሲ ክህበሉ ሰለስተ መዓልታት ተዋሂብዎ ምህላዉ ተቓሊሑ፡፡

ኣብ መኽፈቲ ጸወታ ሰሪኣ ኣንጻር ኡዲነዘ ዘይተሰለፈ (ተቐያሪ ነይሩ) እዚ ወዲ 30 ዓመት፡ በቲ ኣብ ዓበይቲ ሊጋት ኤውሮጳ ልሙድ ዝኾነ ድሕሪ ጸወታ ዝግበር መርመራ፡ ኣብ ነብሱ ውጉዝ - ሓይሊ ዝህብ መድሃኒት ከምዝጸንሖ እዩ ተፈሊጡ ዘሎ፡፡ እዚ ጉዳይ ክሳብ ዝጻረ ከኣ፡ ንግዚኡ ካብ ጸወታ ተኣጊዱ ኣሎ፡፡

እዚ ጉዳይ ክሳብ ናይ ክልተ ዓመት እገዳ ከስዕበሉ ከምዝኽእል ይግለጽ፡፡ ኮነ ኢሉ ከምዝፈጸሞ እንተደኣ ተረጋጊጹ፡ ክሳብ ኣርባዕተ ዓመታት ክቕጻዕ ከምዝኽእል እውን ይሕበር፡፡ ፖግባ፡ ገበነኛ ኮይኑ እንተደኣ ተረኺቡን እንተደኣ ተቐጺዑን ከኣ፡ እቲ ብሰንኪ ማሰበርቲን ብቕዓት ምጉዳልን ዘይጠፍኦ ጉዕዞኡ - "ኣብ ርእሲ ዝላታ ተወሰኸታ" ክኸውን እዩ፡፡

## ቨራቲ፡ ናብ ዶሓ ኣምሪሑ



ኢጣልያዊ ተጻዋታይ ፒኤስጂ ማርኮ ቨራቲ፡ ትማሊ ናብ ዶሓ - ቀጠር ብምምራሕ፡ ምስ ኣል-ዓረቢ ዝተባህለት ክለብ ምጽምባሩ ተቓሊሑ፡፡

ዕወት ዋንጫ ኤውሮጳ 2020 ዝኾነ ቨራቲ፡ ድሕሪ ምምጻእ ሓዱሽ ኣሰልጣኒ ፒኤስጂ ሉዊስ ኤንሪከ ከምዝይምችኦ ይግለጽ፡፡ እዚ ኣብ መድነብ ኤንሪከ ከምዝቐለ ዝተሓበረ ኣከፋፋሊ፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ ናብ ስዑዲ ዓረብ ክግዕዝ ከምዝኽእል ክግለጽ ጸኒሑ እዩ፡፡

ይኹን እምበር፡ ዝኾነት ካብተን ኣብ ራዳሩ ኣእትዮናኦ ዝነበራ ክለባት - ማለት ኣል-ሂላልን ኣል-ኣህሊን፡ ቅድሚ መስከረም ምስኡ ምዕጻዉ ምስ ጋንታኡ ክሰማምዓ ብዘይምኽኣለን እቲ ጉዳይ መዕለቢ ኣይረኸበን፡፡ በዚ ከኣ ዝሓለፈ ዓመት ክሳብ 2026 ዘጽንሖ ሓዱሽ ናይ ኣርባዕተ ዓመታት ውዕል ዝፈረመ ቨራቲ፡ ኣሰር ደቂ ጋንታኡ ዝነበሩ ኔይማርን ዋይናልዱምን ብምስዓብ ናብ ስዑዲያ ካብ ምኻድ ተዓንቂጹ፡፡

ትማሊ ግን፡ ኣል-ዓረቢ 45 ሚልዮን ዩሮ (39 ሚልዮን ፓውንድ) ብምኽፋል፡ ንቨራቲ ኣብ'ላ ገይራቶ ትርከብ፡ ን11 ዓመታት ሚልያ ፒኤስጂ ዝለበሰ በሊሕ ኣከፋፋሊ ማርኮ፡ በዚ መሰርሕ ተሓጊዙ ደጊሙ ምስኡ ኣብ ፓሪስ ደቂ ጋንታኡ ዝነበሩ ራፊናን ዲያሎን ክላተቦር እዩ፡፡

ኣቐዲማ ንኔይማርን ዋይናልዱምን ናብ ስዑዲ ዓረብ ዝሸጠት ፒኤስጂ፡ ምስ ናይ ቨራቲ መሰርሕ ተደሚሩ፡ ኣብ'ዛ ክረምቲ 166 ሚልዮን ፓውንድ ኣታዊ ረኺባ ኣላ - እቲ 144 ሚልዮን ፓውንድ ካብዚን ዓረባውያን ሃገራት እዩ፡፡

## "ሮናልዶ፡ እንተዘህሉ እውን . . ." ዳኒሎ

ተኸላኻሊ ፖርቱጋል ዳኒሎ ፐረራ፡ ሰኑይ ምሸት ንሉክሰምበርግ 9-ብ0 ምስዓርም - "ሮናልዶ እንተዘህሉ'ውን እቲ ወጽኢት ከምኡ ምኾነ" ክብል፡ ንሮናልዶ ተኸላኺሉሉ፡፡

ሮናልዶ፡ ዝሓለፈ ዓርቢ ንስሎቫኪያ 1-ብ0 ኣብ ዝሰዓረሉ ጸወታ ብጫ ካርድ ብምውሳዱ፡ ኣብ'ዛ ናይ መጻረዪ ግጥማት ብድምር ሰለስተ ብጫ ካርድ ብምብጻሑን እዩ - ሰኑይ ምሸት ካብ ምጽዋት ተቐጺዑ፡፡ ካንቻሎ ራሞስ ንቦታኡ ክሸፍኖ እንከሎ፡ ክልተ ሸቶታት ብምቝጻር ኣብ ዓወት ጋንታ ዓቢ ተራ ተጻዊቱ፡፡

በዚ ድማ ድሕሪ'ዚ ገፊሕ ወጽኢት፡ ፖርቱጋል ዝመጸእ ክረምቲ ኣብ ውድድር ዋንጫ ኤውሮጳ ሮናልዶ ከድልያ ድዩ? ዝብል ሕቶ ኣለዓዒሉ ኣሎ። "ሮናልዶ ስለዘይነበረ ኣይኮነን ብገፊሕ ስዒርና፣ እንተዘህሉ ነይሩ እውን፡ እቲ ወጽኢት ተመሳሳሊ ምኾነ፡ ምኽንያቱ ንሱ፡ ሽቶ ኣብ ምምዝጋብን ምቕራብን ምሓግዞና ነይሩ" ክብል ከኣ ዳኒሎ እዚ ሓለቓ ጋንታኦም ዛጊት ኣብ'ዛ ጋንታ ኣጉዲሲ ተራ ከምዘለዎ ኣገንዚቡ፡፡

ቅድሚ እዛ ጸወታ እውን፡ ካንቻሎ ራሞስ "ክሪስ፡ ኩሉ ሳዕ እዩ ዝሕግዘና፡፡ ክሳብ ሰንበት ምሳና ብምጽናሕ፡ በቲ ዝኸኣሎ መንገዲ ሓጊዙና እዩ፡" ክብል ኣድኒቕዎ ነይሩ እዩ፡፡ ቅድሚ'ዛ ጸወታ ናብ ስዑዲ ዓረብ (ናብ ጋንታኡ) ዝምረሐ ሮናልዶ፡ ኣብ 201 ኣህጉራዊ ግጥማት 123 ሸቶታት ብምቝጻር ኣብ ቀዳሚት ደረጃ ይርከብ።



# ዜና ወጻኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

## መራሒ ሰ/ኮርያ ኣብ ሩስያ ምብጻሕ ይፍጽም ኣሎ

መራሒ ሰሜን ኮርያ ከም ዮንግ ኡን ብዕድመ ፕረዚደንት ሩሲያ ቭላድሚር ፑቲን - ኣብ'ታ ሃገር ናይ ስራሕ ምብጻሕ የካይድ ከምዘሎ ኣፈኛ ቤተ-መንግስቲ



ክረምሊን ዲሚትሪ ፐስኮቭ ሓቢሩ።

ካብ ሰሜን ኮርያ ብድርዕቲ ባቡር ናብ ሩሲያ ዝኣተወ ከም ዮንግ ኡን ኣብ መንጎ ሃገሩን ሩሲያን ብዛዕባ ክህሉ ዝኽእል ወተሃደራዊ ምትሕግጋዝ ምስ ፕረዚደንት ፑቲን ከም ዝዘራረብዩ ተሓቢሩ ዘሎ። ብተወሳኺ፡ ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ ጉዳይ ቅልውላው ኮርያ ክዛተዩ ከምዝኽእሉ ተገሊጹ።

ከም ዮንግ ኡን ኣብ ሩሲያ ኣብ ዘካይዶ ዘሎ ናይ ክልተ መዓልቲ ምብጻሕ፡ ሚኒስተር ምክልኻል'ታ ሃገር፡ ወተሃደራውያን ኣዘዝትን ሓለፍቲ ትካላት መፍረ ኣጽዋርን ምስኡ ከምዝተጓዕዙ ምንጭታት'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ከም ዮንግ ኡን ቅድሚ ኣርባዕተ ዓመት'ውን ናብ ሩሲያ በጺሑ ከምዝነበረ ዝጠቐሱ ጸብጻባት፡ ኣብቲ እዋን ክልቲኦም መራሕቲ ኣብ 'ቮልዲቮስቶክ' ዝተባህለት ሩሲያዊት ከተማ ገጽ-ንገጽ ተራኺቦም ክልተኣዊ ምይይጥ ኣካዪዶም ምንባሮም የዘኻኽሩ።

ሩሲያ፡ ኣብቲ ኣንጻር ምዕራባውያን ኣብ ዩክሬን ተካይዶ ዘላ ውግእ ዘገልግላ ኣጽዋር ካብ ሰሜን ኮርያ ክትሸምት ድሌት ከምዘለዋ፡ ምዕራባውያን ምንጭታት ይገልጹ። ሰሜን ኮርያ፡ ከም መተካእታ ናይቲ ንሩሲያ ክትህቦ እትኽእል ኣጽዋር፡ ካብ ሞስኮ ኣብ ምስራሕ መንኮርኮር ጠፈርን ዝተፈላለየ ሚሳይላትን ዘገልግል ቴክኖሎጂ ክትቅበል ከምእትኽእል እቶም ምንጭታት ይእምቱ።

ይኹን እምበር፡ ሩሲያን ሰሜን ኮርያን ንምፍርራሕ ዝኾነት ሃገር ዋጋ ከይሃባ ኣብ ክልተኣዊ ጉዳያት ኣተኲረን ዝርዝራዊ ዝርርብ የካይዳ ምህላወን እዩ ኣፈኛ ክረምሊን ዘረድአ።

ዝሓለፈ ሓምለ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ሩሲያ ሰርጌ ሾይጉ ናብ ፒዮንግያንግ ብምብጻሕ፡ ኣብ ጽምብል መበል 70 ዓመት ምምስራት'ታ ሃገር ከምእተሳተፈን፡ ብመራሒ'ታ ሃገር ከም ዮንግ ኡን ተሰንዩ ብወትሃደራዊ ዓቕሚ'ታ ሃገር ዝፈረያ ዝተፈላለየ ኣጽዋር ከምእተዓዘበን ጸብጻባት የመልክቱ።

## ታንዛንያ፡ "እንስሳ ዘገዳም ንወጻኢ ኣይሰደድኩን" ትብል

ታንዛንያ፡ እንስሳ ዘገዳም - ናብ ወጻኢ ሃገራት ከምዝይለኣኸት፡ ንብሕጂ እውን ከምዘይትልእኽ ገሊጻ።

እታ ሃገር ዝኢ ሓበሬታ እዚ ተወጺኡ ዘሎ፡ ሓያሎ ንማሰትብ ቱሪዝም ዘገልግሉ እንስሳት ዘገዳም - ብዘይሕጋዊ መንገዲ ናብ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕ ከምዝለኣኸት ዝገልጽ ክሲ፡ ብመራኸቢ ማሕበራዊ መድያ ብምዝርጋሑ እዩ።

ሱቡማዚ ሰሜናዊ በረራ ታንዛንያ፡ ካብቲ ኣብ ሰሜናዊ ክፋል'ታ ሃገር ዝርከብ ሃገራዊ ፓርክ ዝኾነ እንስሳ ዘገዳም ናብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከምዝይተላእከ ዝሕብር መግለጺ ዘርጊሖም ምህላዎም ምንጭታት ዜና ሓቢሮም።

እቲ ካብ ሃገራዊ ፓርክ ታንዛንያ - ሰረንጌቲ ገለ እንስሳታት ዘገዳም ናብ ማእከላይ ምብራቕ ከምእተላኣኩ ዝገልጽ ኣብ ማሕበራዊ መራኸብታት ክዝርጋሕ ዝቐነየ ሓበሬታ፡ ምስሊ ታንዛንያ ንምድዋን ዝተዘርግሐ ምዃኑ፡ እቶም ሱቡማዚ ኣመልኪቶም።

ገለ ኣካላት፡ ካብቲ 'ሰረንጌቲ' ተባሂሉ ዝጽዋዕ ሃገራዊ ፓርክ ታንዛንያ ሓያሎ እንስሳት ዘገዳም እናኣሰሎኹ ናብ ሕቡራት ኢማራት ዓረብ ከምዝለኣኹ ዝገልጽ ሓበሬታ ድሕሪ ምዝርግሐ፡ ኣብ ዜጋታት ታንዛንያ ቁጣዕ ከምዝፈጠረ እዩ ዝግለጽ።

መንግስቲ ታንዛንያ ግን፡ ኣብ ኩሉን በጺሕቲ ዝኣትወለንን ዝወጽኣለንን መዓርፎ ነፈርቲ፡ ብርቂ እንስሳታት እታ ሃገር ብሕቡእ ተጻዒኖም ከይወጽኡ ጽኑዕ ምክትታል ከምዝግበር የረድአ።

ታንዛንያ ብሃብቲ እንስሳታት ዘገዳም ሃብታም ኮይና፡ ዓመታዊ ብገምጋም 1.5 ሚልዮን በጻሕቲ ካብ ወጻኢ ሃገራት ከምዝኣትዉ፡ እታ ሃገር ካብ ጽላት ቱሪዝም ኣብ ዓመት ክሳብ 2.5 ቢልዮን ዶላር ኣታዊ ከምእትረክብን ይግለጽ።



## ሊብያ - ብዕልቕልቕ ልዕሊ 1000 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ሊብያ ብዘጋጠመ ብርቱዕ ዕልቕልቕ፡ ህይወት ልዕሊ ሓደ ሽሕ ሰባት ከምዝጠፍአ ሰቡመዚ ናይታ ሃገር ሓቢሮም።



በቲ ዝሓለፈ መዓልታት ኣብ ከተማታት በንቃዚ፡ ደርና፡ ኣልማርጅን ሶውሰን ዝዘረመ ብርቱዕ ህቡብላዊ ዝናብ ከቢድ ዕልቕልቕ ከምእተፈጥረ'ሞ ሓያሎ ህንጻታት ከምዝዓነወ ሰቡመዚ ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ፕረዚደንታዊ ባይቶ ሊብያ ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ቀጽሪ ግዱያት ካብ'ዚ ተገሊጹ ዘሎ ብተዓጸጸፊ ከምዝወሰኽን ልዕሊ 2 ሽሕ ከምዝበጽሕን ኣረዲኡ።

ማሕበር ቀይሕ ወርሒ ብወገኑ፡ ኣብ ከተማ ደርና ጥራይ ብውሕጅን ዕልቕልቕን 150 ሰባት ምማቶም ከምእተረጋገጸ ብምምልካት፡ ኣብ ምብራቓዊ ሊብያ ብኣሽሓት ዝቖጸሩ ሰባት ግዳይ ሞትን ምምዝባልን ኮይኖም ብምህላዎም፡ ህጹጽ ሓገዝ ማሕበረሰብ ዓለም ከምዘድልዮም ገሊጹ።

በቲ ኣብ ምብራቓዊ ገምገም ሊብያ ዘጋጠመ ብርቱዕ ዝናብ፡ ኣብታ ልዕሊ 100 ሽሕ ሰባት ዝቕመጡላ ከተማ ደርና ዝርከብ ክልተ ዲጋታት ከምዝፈረሱ፡ ከም ሳዕቤን ድማ ብርቱዕ ውሕጅን ዕልቕልቕን ከምእተፈጥረ ሰቡመዚ ቀይሕ ወርሒ ሓቢሮም።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ኣብ ሰፈሕ ምብራቓዊ ገምገም ሊብያ ተኸሲቱ ብዘሎ ዕልቕልቕ፡ 10'ታት ኣሽሓት ሰባት ግዳይ ምምዝባልን ሕማምን ኮይኖም ከምዘለዉ ዝገለጹ ሰቡመዚ'ቲ ከባቢ፡ ኣብቶም ዝርከብ ኩሉ ትካላት ክዕጾን፡ ምሉእ ኣቓልቦ ንጉዳያት ኣብ ምሕጋዝ ክቐንዕን ጸዊዖም ኣለዉ።

በቲ ኣብ ምብራቕ ሊብያ ወሪዱ ዘሎ ከቢድ ዕንወት፡ ኣብታ ሃገር ናይ ሰለስተ መዓልቲ ሓዘን ተኣዊጁ ኣሎ።

ዝሓለፈ ሰሙን ብሰንኪ'ቲ ካብ ማእከላይ ባሕሪ ዝቐለ 'ዳኒኤል' ዝተሰምየ ማዕበላዊ ዝናብ፡ ኣብ ቱርኪን ቡልጋሪያን እውን መጠናዊ ጉድኣት ከምዝወረደ እዮም ጸብጻባት ዝሕብሩ።

## ሞሮኮ - ግዳያት ንምሕጋዝ 100 ሚልዮን ዶላር ይሕተት

ኣብ ሞሮኮ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ንዝተሃሰዩ ኣሽሓት ዜጋታት ንምሕጋዝ፡ 100 ሚልዮን ዶላር ከምዘድሊ፡ ኣህጉራውያን ትካላት ረድኤት ገሊጸን።

ኣብ ጀኔቫ ዝመደበሩ ኣህጉራዊ ማሕበር ቀይሕ መስቀልን ቀይሕ ወርሒን ኣብ ዘውጽኦ መግለጺ፡ ሰንስቲ ሃገራት፡ ኑቶም ብዘይ መጽለሊ፡ መግብን መድሃኒትን ተሪፎም ዘለዉ ሰባት ዝወሰል ህጹጽ ሓገዝ ከበርክታ ተማሕጺኑ።

ኣብ ሞሮኮ ዝሓለፈ ቀዳም ብዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዛጊት 2,862 ሰባት ከምዝሞቱ ተረጋጊጹ ምህላዉ፡ ልዕሊ 2500 ድማ ከምዝቖሰሉ - ሰቡመዚ ሕክምና እታ ሃገር ገሊጾም።

ሰራሕተኛታት ህይወት ኣድሕን ሞሮኮ፡ ምስ'ቶም ካብ ስጳኛ፡ ብሪጣንያ፡ ቐጠርን ኢማራት ዓረብን ዝመጽኡ ክኢላታት ብምትሕብባር፡ ሰባት ንምድሓን ዘካይድዎ ዘለዉ ጻዕሪ ይቕጽል ከምዘሎ ሓቢሮም።

በቲ ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ሞሮኮ - ዞባ ኣል ሓዉዝ ዘጋጠመ 6.8 ሬክተር ስኬል ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ኣሽሓት ኣባይቲ ብምፍራሱ እውን ኣሽሓት ሰባት ብዘይ መጽለሊ ተሪፎም ከምዘለዉ እዮም ምንጭታት'ታ ሃገር ዝገልጹ።

እቲ ምንቅጥቃጥ ምድሪ - ኣብ ሞሮኮ ኣብ ውሽጢ 10'ታት ዓመታት እቲ ዝኸበደ ጉድኣት ዘውረደ ምዃኑ ጸብጻባት የገንዝቡ።




## ኣመሪካ፡ 6 ቢልዮን ዶላር ናብ ኢራን ክመሓላለፍ ተሰማሚዓ

ኣመሪካ፡ ካብ ጥሕቲታት ደቡብ ኮርያ 6 ቢልዮን ዶላር ናብ ኢራን ክመሓላለፍ ከምእተሰማመዐት ተሓቢሩ።

ኣመሪካ፡ ኣብ ኢራን ተኣሲሮም ዝርከቡ 5 ዜጋታታ ብናጻ ክፍትሑ - ነቲ ስምምዕ ከምዝኣተወቶ እያ እትገልጽ። ብመሰረት'ቲ ስምምዕ ብወገና እውን ሓሙሽተ ኢራናውያን እሱራት ክትፈትሕ እያ።

ኣቐዲማ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኢራን እገዳ ምስተገበረት ገንዘብ ከምዝጸንዐት ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ካብን ናብን ሕሳባት ኢራን ገንዘብ ኣብ ልዕሊ ዘመሓላልፉ ናይ ወጻኢ ትካላት'ውን እገዳ ከምእትእውጅ ከተጠንቅቕ ጸኒሓ እያ።

ኣብ መንጎ ኢራንን ኣመሪካን ንዊሕ ዝቐጸለ ቅርሕንቲ ከምዘሎ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ ቀረባ እዋን ኣብ መንጎአን ብዘተኻየደ ሰቱር ዝርርባት፡ ስምምዕ ምልቃቕ እሱራት



ክግበር ከምእተሰማምዓ ተገሊጹ ኣሎ።

ብመሰረት'ቲ ስምምዕ ክልቲአን ሃገራት እሱራት ናጻ ምስ ለቐቓ፡ ኣብ ደቡብ ኮርያ ዝርከብ ጥሕቲ - ናብ'ቲ ኣብ ቐጠር ዝርከብ ሕሳባት ኢራን ነቲ ልዑል መጠን ገንዘብ ብዘይ ዝኾነ ስግኣት ከመሓላልፍ እዩ።

እቲ ገንዘብ ኣብ ሸመት ሰብኣዊ ኣቑሑ ጥራይ ከምዝውዕል ዝሓበረት ኣፈኛ ቤተ-መንግስቲ ዋይት ሃውስ ኣድሪያን ዋትሰን፡ መንግስቲ ኣመሪካ ነቲ ስምምዕ ብኣፍልጦ ባይቶ ኮንግረስ ከምዝኸተመሉ ኣረዲኣ። እቲ ስምምዕ ኣብ ውሽጢ ሓደት መዓልታት ክፍጸም ተስፋ ከምዝሎ ድማ እታ ኣፈኛ ትገልጽ።


| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ኣፍሪቃ | 13/9/2023 | ጎደና ማ.ት.ኣ-176 ቁ.25፡ ከባቢ ሲነማ ዳንተ | 126003 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565